# #ረመፅ

ልሳን ቃልሲ መስሚት #ረመፅ - ራብዓይ ሕታም ፣ ሰነ 2013 ኣቆጻጽራ ግእዝ፣



# ታሪኽ ትግራይ ታሪኽ ቃልስን ዓወትን

ዓለም ካብቶም ኣብ ታሪኻ ብቐዳምነት ዝረኣየቶም ስልጣነታት ሓደ ዝበቐለላ ትግራይ፥ ግዝኣት ቆላን ደጉዓን፣ ባሕሪን መሬትን፣ ጎቦን ሽንጥሮን ዝሓቘፈት፥ መንበሪት ሰብ ስልጡን ባህሊ፣ ክብሪ፣ ትውፊትን ሃይማኖትን ህዝብታት እያ። ወረርቲ ኣህዛብ ዝምከሕሎም ኩሎም ጥንታውያን ክብርታት፣ ፀጋታትን ሃፍትታትን ብእርይ ቀፅሪ መቦቆሎም ትግራይ፣ ወናኒኣም ድማ ህዝቢ ትግራይ ንምኳኑ ለባም ኣይስሕቶን።

ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ ታሪኽ ስልጣነ እዩ። ቕድሚ ዝኾነ ህዝቢ ካብ ድሕረት ወጺኡ ጩራ ስልጣነ ዓለም ዘብረቐ፥ ቅድሚ ሃገሩ ትካላት ዝሃነፀ፣ ስርዓተ መንግስቲ ተኺሉ መርኣያ ዝኾነ፥ ወናኒ ናይ ባዕሉ ቋንቋ፣ ፅሕፈት፣ መቑፀሪ ዘበን፣ ነባር ፍልጠትን ፍልስፍናን እዩ ህዝብና ህዝቢ ትግራይ።

ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ ታሪኽ ቃልስን ዓወትን እዩ። ይፍተን እምበር ዘይወድቕ፣ ይውረር'ሞ ዘይስዓር፣ ብፈተናታት እናገወደን እናበርትዐን ዝሓለፈ፣ ሓመድ ልሒሱ እውን ተኾነ ተሲኡ ቃልሱ ኣበርቲዑ ግድን ዝዕወት፥ በዓል ድሙቕ ዛንታ እዩ ህዝብና ህዝቢ ትግራይ።

ነዊሕ ዘበናት ትግራይ ከም ዘመላኸተና፥ ትግራይ ብሰንኪ መልከኣ ምድራዊ ኣቀማምጣኣን ተስፋሕፋሓይነት ባዕዳውያንን ካሊእ ድማ ድሕረት መግለፂኣምን ታሪኾምን ብዝኾነ ናይ 'ውሸጢ' (ጦብያ) ወረርቲ ብተደጋጋሚ ዝተፈተነት ምኳና እዩ። ብክብሩን መንነቱን ፈፂሙ ዘይዋገ ካብ ሊቅ ክሳብ ደቂቅ ዘሎ ትግራዋይ ግን ነዞም በብዘበኑ ዝመፁ ወራራት ብቕልፅሙን ብብልሓቱን እናመከተ መንነቱ ከዝልቕ፣ ግዝኣት ዓደ'ቡኡ ከሕሉ ክሳብ ሞት መስዋእቲ ከፊሉ ክብሩን ክብሪ ዓዱን ኣውሒሱ እዩ።

ትግራይን ተጋሩን ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ወሳኒ ታሪኻዊ ምዕራፍ ይርከቡ። ህዝቢ ትግራይ ሻላ ቃልሱን ስምረቱን ንዓለም ስዒሩ ኣብ ጎድኑ ኣሰሊፉ፥ ንወረርቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ፣ ኤርትራ፣ ገባታይ ሓይሊ ኣምሓራን ካልኦት ዘራያቶምን እናሓምሸሸ ናብ ዓወት ይቀራረብ ኣሎ። ኣብ ድሮ ዓወትን ዘልኣለማዊ ናፅነትን እትርከብ ትግራይና ሕዚ'ውን ናይ ኩልና ኣበርክቶ ትጠልብ።

ኣብ ትሕቲ #ረመፅ ምንቅስቓስ መናእሰይ ትግራይ ብክፍሊ ሚድያን ዶክሜንቴሽንን #ረመፅ እናተሰናድኣት እትቐርብ ልሳን ቃልሲ መፅሄት #ረመፅ
ራብዓይ ሕታም፣ ሰነ 2013 ኣቆፃፅራ ግእዝ!

# ቶጎጓ ጻግማይ ሓውዜን !

ያሲን ዕዝራ

ዓወት ይበሃል!
ዓወት ናይ ሐዚ 40 ዓመት ኣብ ከተማ ሓውዜን እዩ ተወሊዱ። እወ ኣብ 'ሓውዜን ዓዲ መላእ . . .
ሓውዜን ዓዲ ሓራስ
ሓውዜን ዓዲ ተስታይ
ሓውዜን ዓዲ ፅራይ'(*1)

ካብ መዓልታት ኣብ ሓደ ፀላም መዓልቲ ድማ ምስ ሓረስታይ ኣይኡን ምስ ወላዲት ኣዲኡን ንዕዳጋ ወሪዱ። ንዕዳጋ ሶኒ። ወዮ ዝተረገመ መዓልቲ 15 ሰነ 19 80 ኣቆፃፅራ ግእዝ ነይሩ። ካብ ዝተፈላለዩ ከፋላት ትግራይ ዝተኣከበ ገባር ትግራይ ናብ ሓውዜን ዕዳጋ ሶኒ ይተምም ኣሎ። ዓወት ኣብ ማእኸል ወለዱ ኣትዩ ብንእሽተይ ኣኢጋሩ ይስጉም፤ ንእሽተይ ሓፍቲ ዓወት ዝኾነት ወጋሕታ ድማ ኣያኣ ኣቦይ ገረሃንስ ሓንጊሮምዋ። ሽዑ ዓወት ወዲ ሸውዓተ ዓመት ህፃን፤ ሓፍቱ ወጋሕታ ድማ ጓል ሰለስተ ዓመት ነይራ።

ኣብዚ ብፍሉይ ማዕሪጉ ዝነበረ ዕዳጋ፤ ገባር ትግራይ ይሸጥ ይልውጥ ኣሎ። ኣብ ረስኒ ዕዳጋ ድማ በበይ መሂእን ዘይተብሃላ ኣውሮፕላናት ደርጊ ድምፀን ከጥደድ ተሰምዐ። ወየን ካብ ራሽያ(ሶቭየት ሕብረት) ዝተለመናን ለገሰ ኣስፋው ዝለኣኾን ኣውሮፕላናት ቁምብላታተን ብዘይምቁራፅ ኣብ ልዕሊ ንፁሃት ከዝንብኦ ጀመራ። ኣብቲ ዕዳጋ ዝነበረ ኹሉ ጭንግራሑ ወፀ። ሽማግሊታት ኣዴታት፤ ቆልዑ ቆሊዒተይ እንክይበላ መርዛም ጋዝ ኔፓል ኣብ ልዕሊ ንፁሃት ኣዝነብኦ።

ሓውዜን ዓዲ ሊቃውንቲ
ሓውዜን ዓዲ ሰብ ስረ፣ ሓውዜን ዓዲ ኣመንቲ
ሓውዜን ዓዲ ሰብ ሃይማኖት
'ኣኬልዳማ'(ምድሪ ደም ኾነት)!!(*2)

ኣብ ሓንቲ ፀሓይ 2500 ንፁሃት ተጋሩ ረገፉ። ወዲ ሸውዓት ዓመት ህፃን ዝነበረ ዓወት ወለዱን ሓፍቱን ድራር ቁምብላታት ደርጊ ኾንዎ። ዓወት ዕድለኛ ኾይኑ(ዕድልያ ተተባሂሉስ) ብህይወት ተሪፉ።

ስሉሕ ቀይሕኻ ዶ?
ስሉሕ ካብ ቀደምኻ ስሉሕ ካብ ጥንትኻ
ስሉሕ ካብ ፍልፍልኻ ስሉሕ ካብ ማዕኸንኻ
ካብ ሜዳ ሓራማት ከትብገስ ከለኻ
ስሉሕ ሓጋይ ሓጋይ ማጨባ መሲልኻ
ከረምቲ እትመፅእ ሕወይ ተኸዲንኻ
ትኸይድ ዶ ኣይነበርኻን፣ ሎሚ እንታይ መጺኡካ ቀይሕ ተኸዲንካ??(*3)

ካብ ቁምብላታት ደርጊ ምስ ዝተረፉ ሓትነታቱ ዝዓበየ ዓወት 40 ዓመት ኾይኑዎ እታ ሃገር ኣለውኒ ካብ እትብሎም ኢንጅነራት ሓደ ኾነ። ተማሂሩ ሃገር ከቕንዕ ኣብ ዝተፈላለዩ ከፋላት እታ ከዳዕ ኢትዮጵያ ዲሕ ይብል ዝነበረ ትግራዋይ ኾይኑ ኣፅዳፍን ኣግዳልን እዛ ሰናዕ ሃገር ምሽው መንገዲ ገይሮም ማይ ካብ ዘምስሉላ ምሁራት ሓደ እዩ። ካብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ንነዘ ናብርኡ ትግራይ ዝገበረ ዓወት ንእንዳ ሓማቱ ንቶጎጓ ወትሩ ምስተመላለሰ እዩ።



Scanned with CamScanner

ካብተን ንቶጎጓ ዝተመላለሰለን መዓልቲ ሓንቲኣ እታ ካብ ሕልንኡ ፈጺማ ዘይትጠፍእ 15 ሰነ ነይራ። 15 ሰነ ገና ብህፃኑ ኩሉ ኣለኒ ዝብሎ ነገር ዝሰኣነላ መዓልቲ ፤ 15 ሰነ ነታ ብሕታዊት ሓፍቱን ወለዱን ዝሰኣነላ ፀላም መዓልቲ፣ 15 ሰነ እታ ክልተሽሕን ሓሙሽተ ሚኢቲን ዝኾኑ ደቂ ዓዱ ደቂ ትግራይ ኩሕሎ ዝሰኣነላ መዓልቲ፣ 15 ሰነ እታ ምስ ፅዑቕ ደብዳብን ጫፍ ጭካነ ፀላኢቲ ህዝቢ ትግራይን ዝተላለየላ መዓልቲ....

15 ሰነ 2013 ኣቆፃፅራ ግእዝ፥ መዓልቱ ሰሉስ ነይሩ፤ ቶጎጓ ዕዳጋኣ እዩሞ ድምቕምቕ እትብለሉ መዓልቲ!! ቶጎጓ ዝተረኽበ ዓወት ዘይኣመሉ ንኳል ሰለስተ ዓመት ኳሉ ቅያ ኣብ መቐለ ገዲፍዋ እዩ ኸይዱ። ምናልባሽ ደብዳብ ሓውዜን እናዘከረ ኣብ ኸባቢ ዕዳጋ ሰሉሰ ይዘዋወር ዝነበረ ዓወት ኣውሮፕላን ንጨፍጫፍ ሰማያት ተጎጓ እንትቆፃፀር ምእማን ኣብይዎ ይኾን። ቁምቡላታት ሓድሽ ደርጊ(ፒፒ) ከሰማይ ኣብ ዕዳጋ ሰሉስ ኣብ ዝነበረ ንፁህ ከዘንብ ጀመረ። ምድሪ ትግራይ ብደም ደቂ ትግራይ ተሓፀበ።

እነሆ ዳግማይ ሓውዜን፣ ቶጎጓ! ዓወት ከምቲ ናይ ቅድሚ 33 ዓመት ዕድል ኣይቀንዖን። ደም እናፈሰሶ ነዊሕ ስለዝፀነሐ(ውቁዓት ደብዳብ ቶጎጋ ሕክምና ክይረኽቡ ብወታደራት ኢትዮጵያ መንገዲ ስለዝተዓፀወ) ካብቶም ግዳያት ቁምብላታት ፀላኢ ሓደ ኾነ።

ነታ ሰናዕ ሃገር፤ ሃገር ከትኾውን ካብ ዝገበሩ ሓዲኡ ብታ ናይ ሰናዕ ሃገር ቁምብላታት ተቐቲሉ፤ እቲ መፅሓፍ 'ትዘይመውት ንሱ ሞይቱ' ከምዝብሎ

ሓንቲ ንበይና ዝኾነት ቅያ ኳሉ እንታይ ትብል ትህሉ? ኣቡኣ ከምልማዱ ገለ መፃወቲ ወይ ዝብላዕ ሒዙላ ከመፅእ በሪ በሪ እናረአየት ዶ ትፅበዮላ ትኸውን?? ፍቕርቲ በዓልቲ ገዛኡኸ ናይ ናብራ ነገርስ ንግደፎዋ ብዘይ ዕላልን ቁምነገርን ዓወት ታይ ከትከውን እያ? ዓወት ገዲም ኣብ ጥቓእ የለን። ከምቲ እምነቱ ኾይንሉ ምስ ወለዱን ሓፍቱንኸ ኣብ ላዕላይ ሰማይ ተራኺቡ ዶ ይኾን??? ንእምላኽከ እንታይ ኢሎምዎ ይኾኑ?? ከመይ እኒእኻ እዝጊ?? ከንድዚ ከንእምነካስ ከንድዚ ጠላሚ?? ኢሎምዎ ዶ ይኾኑ???

ወድ'ኺ ተኾ ካላሽን
መንዛዒ
ኣደ ቶጎጓ እምብዛ
ኣይትንብዒ
ቆልዓ ትግራይ ጩግራፍ
ተጣካዒ
ኣልውሃ ግራቱ ኮላይ
ወርዒ
ወልቃይት ግራቱ ኮላይ
ወርዒ
መረብ ገደንኡ ሓፁር
ዘብዒ
ኣጋ ቕነ ዓፂድ ቕነ ቆውዒ
ኣይፎቱን ግራት መጓዝዒ
ሰቆካ ሃዳሚ ዓዱ
መቕንዒ
ኣብኡ ክረስዓ ባዕሉ
መካኢ



Scanned with CamScanner

ሃይለማርያም ረዳ ቐይሕ ገንበርየ
ስዩም መስፍን ኣታ ቐይሕ ገንበርየ
ስሚዕኻዶ ቶጎጓ ከውረርየ?
ቶጎጓ ዓድና ዓዲ ሕምባሻ
ኣዳራሽኺ መቐበሊ ጋሻ
ፃባ ኣጅቦኺ ልለመዱ
ትማሊ ብሸምኺ ልነገዱ
ኣየር ኣምፅኡልኺ ላመርሑ ላቋደዱ
ብለደብደቡኺ ኣበ ኸዱ?
ቶጎጓዶ ኣብይ ምለከዓ?
ቶጎጓዶ ቱ ባንዳ መውቕዓ?
ህዝቢ ዓይደሞ ሃም ሳዕስዓ
እኖታት ትግራይ ሕደጋ ኣይትንብዓ
ጠስሚ ተጣስማ ሳስላ ግብእ
ኣውርስኽን ዝለላ ኽበርኽን ውቕዓ
ንፁህ ህዝቢ ኣብ ዕዳጋ ኣጥቒዓ
ዘይራ ትምለስስ ተፀፊዓ
ኣሰይ ኣሰይ ተጋዳላይ ደእ
ኣቦኻ ለጓዘያስ ባዕልኻ መልእ
ወዲኺ ተሎ ካላሽን መንዛዒ
ኣደ ቶጎጓ እምብዛ ኣይትንብዒ
ቐልዓ ትግራይ ጨግራፍ ተጣላዒ
ኣልውሃ ግራቱ ኮላይ ወርዒ
ወልቃይት ግራቱ ኮላይ ወርዒ
መረብ ገደንኡ ሓፁር ዘብዒ
ኣጋ ቕነ ዓኒድ ቕነ ቐውዒ
ኣይፎቱን ግራት መጓዝዒ
ሰቐላ ሃዳሚ ዓዱ መቕንዒ
ኣብኡ ልረስዓ ባዕሉ መላኢ.(*4)

ምናልባሽ ምናልባሽ ኣቡሓጎታት ዓወት እውን መስከረም 1936 ኣቆፃዕራ ግእዝ፥ ሽዋ(ብሓገዝ ኢንግሊዝ) ንትግራዋይ ሪኢዎን ሓሲብዎን ብዘይፈልጥ ቴክኖሎጂ ድብዳቢት ኣውሮፕላን(ንጋይ ኹናት ዓለም ዝተሰርሓ) እንትድብድባ ኣብ ዕዳጋ መቐለ ነይሮምስ፤ ግዳያት ጨፍጫፍ ሽዋ ኾይኖም ይኾኑ። ሽዑ እውን ከምቲ ናይ ሓውዜን ከም ናይ ቶጎጋ ከምዚ ተብሂሉ ነይሩ.......

ናጨርጨር ዶ ፀኒሕኩም ጋዶ
ናመቐለ ዶ ፀኒሕኩም ጋዶ
ኣውሮፕላን መፂኣ መሰለ ገዲጋዶ
ልህዝብና ገይራቶ ዓሰንዶ!!!!(*5)

ኢትዮጵያ ዝብልዋ ሽዋ ከምኡ እያ! ሽዋ ምእንተ ሓርነቱን ናፅነቱን ምስ ዝገጥም ዕጡቕ ኣይትገጥምን። ሽዋ ደም ንፁሃት እዩ ዝፀምእ፤ ሽዋ ንፁሃት ዝእከብሉ ዕዳጋ እምበር፤ ስረ ዝፍተንሉ ኣግዳል እፅዳፍ ኣይናታን እዩ። ኸፍኣሽዋ መወዳእታ ኣይብሉን፤ ዛርቲ ሽዋ ደም ንፁሃት ኣብ ማእኸል ዕዳጋ ብምፍሳስ እዩ ዝዓግብ።

ብርግፅ ብርግፅ እቲ ገጅፍ ጥፍኣት ናትና እምበር ናይ ሽዋስ ኣይኮነን። ባህግኻ ከቃዶ ምስ ዘይኸእሉ ኣህዛብ፤ ውድቀትኻ ናዕለት ፀሎቶም ምስዝኾኑ ህዝብታት ሃገር ከንምስርት ምሕላምና።

እወ እቲ ጥፍኣት ናትና እዩ። ወለዱን ኣሕዋቱን ዝስእን ዓወት፤ ንሰበይቱን ጓሉን ገዲፉ ንሰማይ ዝገይሽ ዓወት፤ ከም ዕዳጋ ሶኒ፤ ዕዳጋ ሰሉስ፤ ዕዳጋ መቐለ ዝዓይነቶም ብደም ትግራዋይ ዝተሓፀቡ ከትርእይ ኩሉግዜ ምስ ትሓልም ጦብያ ንኣፈን ምባልና እዩ እቲ ጌጋ።

ተመሳሳሊ ታሪኻት ዓወት ይእከል ንበል፤ ደም ንፁሃት ዝግብራ ሽዋ ኣፀቢቕና ንፀየፉ፤ ከም ልማድና ገጢምና ንስዓራ፤ ድሕሪኡ ግን ናብኡ ገፅና ገይርና እውን ከይንሸይን፤ ሃገር ንመስርት... ሃገረ ትግራይ!!!

ካሕሳ ዓወታት
ካሕሳ ዕዳጋ ሶኒ
ካሕሳ ዕዳጋ መቐለ
ደበስ ዕዳጋ ሰሉስ.... ናፃ ሃገረ ትግራይ ጥራይ እዩ፥ ኣኸለ!!

መዘከርታ ሕዳግ (footnote)

*1ን *2ን..ንግዚኡ ስሙ ዘይንጠቕሶ ሓደ መሓዛና ካብ ኣፉ ዘይፈልየን ግጥሚ
*3.. ግጥሚ ኣታኸልቲ እምባየ
*4.. ካብ ኣሰናዳእቲ ረመፅ መፅሄት ሓደ ዝኾነ ኣብርሀ ገብረኪዳን ድሕሪ ድብዳብ ቶጎጋ ዘልቀሶ መልቅስ
*5..ናይ ህዝቢ



Scanned with CamScanner

# ጋሻ ሓራ መሬት !

## (መዘከርታ ጉዕዞ)

ባህጊ

መዓልቱ ሓሙስ እዩ። ኣብ ሓንቲ ፀባብ ገዛ ምስ ብፆተይ ኸቢብና ንዘቲ ኣለና... ወግዕና ኹሉ ብዛዕባ ትግራይን ስለ ቓልሲ ህዝቢ ትግራይን ጥራይ ምኳኑ ፍሉጥ እዩ። ብዙሕ ዛዕባታት ኣልዒልና ዘቲና። ዘሎ ግዜያዊ ሓበሬታትት ተለዋዊጥና። ኣብ መወዳእታ ብዛዕባ ብፅባሒቱ ናብ ሓራ መሬት ትግራይ፣ ናብ ተጋደልቲ ትግራይ እንገብሮ ጉዕዞ ኣጀንዳ ተልዓለ። ከምቲ ልሙድ ከህልወና ዝኸእል ቸንሒት፣ እንታይ ከምንገብር?፣ በዓል መን ክንረክብ ከም ንኸይድ?...ወዘተ.. ምስተመያየጥና ናብቲ ጉዕዞ ዝኸዱ ሰባት ምሕራይ ጀመርና። ካብቶም ሰለስተ ተጉዓዝቲ ሓደ ኾይነ ድማ ተመዚዘ። ተመስገን!

እቲ እንኸዶ ቦታ ቕድሚ ኸዚ ኸይደዮ ኣይፈልጥን። ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ ካብዛ ዓይነይ ካብ ዝፍለዩኒ ድማ ሻድሻይ(6) ወርሐይ ኣቑፂረ ነይረ። እዚ ኹሉ ከሰምረለይ ነቶም ተናፈቕቲ ክረኽቦም ሓንቲ ምሸት ተሪፉትንላ።

ምሸት ገዛይ ምስኣተኹ ንጉዕዞ ዘድልዩኒ ኣቕሑት ጠራኒፈ፣ ኣብ መንደቐይ ተለጢፋ ዘላ እቲ ውሕሉል ሓውና (ዓምዶም ገ/የሱስ) ዝሰርሓ ካርታ ትግራይ ንሰዓታት ከፅንዓ ኣምሸኹ። እወ ለካ ትግራይ ኣፀቢቐ ኣይፈልጣን። ወዮ እቲ ተወሊደ ዝዓበኹሉ ኸልተ ኣውላዕሎ እኳ ብደምቢ ዘይፈልጦስ. . . ብዚ ድማ ተገሪመ! ምሉእ ለይቲ ስለ ጀጋኑ ተጋደልቲ ደቂ ትግራይ እናሓሰብኹ እየ ሓዲረ። ብኣካል ዝፈልጦም መማህርተይ፣ የሕዋተይ፣ ምሳይ እንዳጻሰዩ ዝዓበዩ መተዓብይተይ፣ መምህራነይ፣ መሳርሕተይ... በቢሓደ ይረአዩኒ...ኣብ መንጎኡ ትኽስ እንትብል ንባዕለይ ኣብ ፅውቕ ኲናት ይረኽቦ... ኹሎም ፀላእቲ ናባይ ዝትኩሱ ይመስለኒ፣ ቖምብላታት ኣብ ልዕለይ ብሰማይ ይዘንቡ፣ ቐቲለ ዘይውድኦም ፀላእቲ ሱቼሎም ናባይ ይተሙ፣ ብፆተይ ድማ ንዓይ ከድሕኑ ይኻሸሑ፣ ንኩሎም ጥሒሰ ይጎዩ። ግን መሊሰ ንባዕለይ ኣብ ማእኸል ፀላኢ ይረኽቦ። ዝሓገዙዎ ኹሉ መሳርሒ ወዲእ ብኢደይ ይገጥሞም(ወዮ ሓቦ ዕጥቐ እንድየ)... ወዮም ፀላእቲ እንታይ ከምዝበልዎም ተረፍሪፎም ምስ ሓንቲ መማህርተይ ተጋዳሊት እናሰሓቕና ንምለስ። ዘይውዳእ ነዊሕ ለይቲ፣ ዘይውዳእ ሕልሚ... ብር እንተበልኹ ፍርቂ ሰዓት ጥራይ እየ ደቂሰ።

ከምዘይወግሕ የለን ወጊሑ እታ ዝናፍቓ መዓልቲ መጺኣ።ካብ ባርነት ኣርዑት ወፂኣ ብነፃነት ዝትንፍሰሉ ሓራ መሬት ከረግፅ፣ ደቂ ትግራይ ኲሑሎ ብኣካል ክሪኦም፣ እቶም ምእንቲ ህዝቦምን ነፃነቶምን ኽቡር መስዋእቲ ዝኸፍሉ ዘለው ጀጋኑ ሰራዊት ትግራይ ዝረኽበሉ መዓልተይ ወጊሑለይ። ብፆተይ ደዊለሎም... የድልዩኒ ኢለ ዘዳለኹዎም ሒዘ... ኤርፎነይ ኣብ እዝነይ ገይረ ....

"ከኾሎኩም ዶታ እምባታተይ
ከሓተኩም ዶታ ሩባታተይ
ጎላጉል ናይ ዓደይ...."

ናይ ኣያና ጀግና ተጋዳላይ እያሱ በርሀ ደርፊ እንዳሰማዕኹ ጉዕዞይ ጀሚረ።

ጎቦታት ትግራይ ብየማነ ፀጋም ዓጂቦም ይስንዩና ኣለው። እወ ጎቦታት ትግራይ ከምቶም ኣያታቱ በዓል ቅያ እዩ። እምቢ ንመሰለይ ኢሉ ዝወየነ፣ ፀላእቱ እንትመፁ ረመፅ ኾይኑ ዝውሕጦም፣ ቖምብላታት



Scanned with CamScanner

መርዛም ጋዝ እንተይተረፈ ደቁ ሓዊ እንትፈሶም ብክንፉ ሓቑፉ ንሱ በይዛ ዝኸውን፣ ዕርዲ ብላታ ሃይለማርያም፣ ዕርዲ ሓየሎምን ማርታን ዝኾነ ጎቦ ትግራይ ንዓይ ሂወት ከምህረኒ ዝዕበየኒ ዘሎ ይመስል። ግርምእም ዘሰንብድ ጎቦታት ትግራይ ንፀላእቲ ዘይንበቡ ምሽጥር እዮም። ምሽጥር እዚ ድንኩል፣ ምሽጥር እዚ ደንጎላ፣ ምሽጥር እዚ ፀድፊ፣ ምሽጥር እዚ በዓቲ... ከትርዳእ ትግራዋይ ከትኸውን ግድን ይኸውን።

እዚ መሬት ኣያታት እንትውይኑ ፅላል ኾይኑ፣ ፅኑዕ ርገፅ ኣንቱም ወየንቲ ኢሉ ዝመረቐ፣ መእንተእም ክንደይግዜ ዝፈረሰ . . .ቅያ ኣያታቶም ዓቲሮም ንዝወፁ እኒ ሰበሮም ምእንተ ብሄራዊ ወፅዓ "እምቢ ንመሰለይ" ኢሎም እንትውይኑ ቕድሚት ተሰሪዑ ደርጊ ዘንቀጥቀጠ መሬት... ሕዝኽ ታይ ይብል ይህሉ? መሊኡ ሓራ ከወፅእ ይኣሻሕ ዶ ይህሊ? ዋላስ ብስሕተትና ምሒር ሓዚኑ ይነብዕ? መሬት ትግራዋይን ተጋሩን እንድዩ ሕዚውን ኹሉ ውሒጡ ፀላእቱ ከድርዕም ምስቶም ዘዕበዮም ጀጋኑ ደቁ ብኹርዓት ተሰሊፉ ይህሉ? ሓሚቑዶ ተፀጊሙ? ሓዚኑዶ ሓሪኑ? ነቶም ፀላእቲ እንትሪኢ.ኹ እንታይ ይብል ይኸውን? እንተ ኣነሞ ነቶም ከዳዓት እንትርኢ. እቶም ማእለያ ዘይብሎም ግፍዕታት ኣብ ዓይነይ ይስለፉ። ገፀይ ብንብዓት ይሕፀብ፣ ደም ተጋሩ ኣብ እእዳዎም ይረአየኒ ጀማውተይ ይገታተር፣ ኣዒንተይ ሓዊ ይቋፅሩ። መገዛ መሬተይ ባዕዳውያን መንገዲ ዓፅዮም በቲ ብደም ደቅነይ ዝላደየ የእዳዎም ፈቲሾም ከሓልፍ ፈቑዶምለይ። ኣሕሕ!

ስለትግራይ ብዙሕ ተባሂሉ፣ ብዙሕ ተፃሒፉ፣ ብዙሕ ሰሚዐ ወይ እውን ብዙሕ ሓሲበ ይኸውን። በረኻታት ትግራይ እንትርኢ. ዝስመዐኒ ስምዒት ግን ዝገለፀለይ ዋላሓደ የለን፣ እወ ትግራይ ፍልይቲ እያ። ፍተሻ ተሻጊርና ቑሩብ ርሕቕ ምስበልና በጥ ዝበለ ጎልጎል ተቐቢሉና። ወዮ ቑሩብ ዝናብ ረኺቡ ግድስ እቲ ሰጣሕ መሬት ለምሊሙ ይረኣየንሎ። ነዚ

**ጎቦታት ትግራይ ብየማነ ፀጋም ዓጂቦም ይስንዩና ኣለው። እወ ጎቦታት ትግራይ ከምቶም ኣያታቱ በዓል ቅያ እዩ። እምቢ ንመሰለይ ኢሉ ዝወየነ፣ ፀላእቱ እንትመፀ ረመፅ ኾይኑ ዝውሕጦም፣ ቁምብላታት መርዛም ጋዝ እንተይተረፈ ደቁ ሓዊ እንትፈሶም ብክንፉ ሓቑፉ ንሱ በይዛ ዝኸውን፣ ዕርዲ ብላታ ሃይለማርያም፣ ዕርዲ ሓየሎምን ማርታን።**

ልሙዕ መሬት እንትሪኦ.... ወዮ ኹሉ መዓት እንድዩ ወሪዱና ዘሎ ዝረአኹዎ ኹሉ እዩ ዘዘኻኸረኒ። ወዮ መውዐሊ ጠለ በጊዕ፣ መሐምበጢ ኣሓት፣ መቃለሲ ኣታፊን ዝነበረ ለምለም መሬት ሕዚ ንዓይንኻ እኳስ ሕልፍ እትብል ፍጥረት የላን(ብዘይካ እቶም ዝሓደግኹዎም ወታደራት)።

እወ እንስሳት ተጋሩ ታኒካ እንተይተረፈ እናተፅዓና ተጉዒዘን መሬት ትግራይ ገዲፈን ኣብ ጎላጉል መሬት ኤርትራ ተደፊአን ይህልዋ። እንታይኾን ይስመዐን ይህሉ? መሬት ጋሽ ባርካ ንመሬት ፋጊዶ ይመስለን ዶ ይኾን?፣ሰውሒ ጎልጎል ራያ ዝፈልጣ ኣላሕምና ዓዲኧላ እንትኣትዋ ከመይ ነቢዐንን ሓዚነንን ይኾና? እቲ ዝለመድኦ ትግርኛ ደንፅዩወን ምልማድዶ ኣብይወን ይኸውን? ወየን መፍረይቲ ኣላሕም ንቶም ሓረድተን እንትትሪኣ እንታይኾን በላ? ኣሕ ኣይ ግዜ እንድዩ ዘርዩ እምበር..... ካብ ኣስፋልቲ ወጊእና ብመንገዲ ፀፀር ቁሩብ ምስ ተጉዓዝና "ንዓደሖር ፊፅዕዕ ጭዋሕ" ልብል ድምፂ ሰሚዐ እቲ ድምፂ ቑልዕነተይ ኣዘኻኺሩኒ ኣያይ ማሕረስ ምስወፈረ ንምሳሕ ዝኸውን እኽሊ ቋፂረ ሒዘ ዝኸድኹሎም መዓልትታት ኣብዛ ዓይነይ መጊእም ቑልጭ በሉ... ኣብ መገዲ ምስ መሓዘተይ እንትፃወት ምሳሕ ኣርፊደሎም ዝተገረፍኹዎ እንተይተረፈ ተርአየኒ...ግን ኸዚ እዚ ድምፂ ካበይ መፀ? ኣብዚ እዋን ኣየናይ ሓረስታይ እዩ ብፀላእቲ ተኸቢቡ "ን ዓ ደ ሖ ር" እናበለ ዝፋፂ? ናብ ዝሰማዕኹሉ ኣንፈት ዘወርወር እንትብል ዝረአየትኒ እታ ዋዕሮ ብፂተይ "ገዲም ከምድልየትኻ ተንፍስ ሓራ መሬት ኢና በጊሕና" ከትብለኒ ሰማዕኹዋ... ካብ ዝባነይ ዝኾነ ነገር እንትቕንጠጥ ይስመዐንሎ... ደጊም ጨና ጀጋኑ ከሜኑ፣ ትግርኛ ጥራሕ ከሰምዕ፣ እቱ ዝናፈቕኹዎ ኽዳን ፍሉይ ሓይሊ ከሓቁፍ፣ ብዘይ ምንም ገደብ ከምድሌተይ ክሳብ ዝመሲ ሰማይ ትግራይ ከጥምት ንፁህ ኣየር ከትንፍስ ኹሉ ብሓደ ከረኽቦ ሰሳዕኹ....እቲ ዘኸይደና ዘሎ ዓብይ ውራይ ኣብ ቅድሚ እዚ ስምዒታተይ ከም ፀፀር ደቒቑ ተራእዩኒ...እቶም ከንረኽቦም ቆፀሮ ዝሓዙልና ጀጋኑ ደቂ ትግራይ ከረኽቦም ደቓይቕ ተሪፈናኒ።

"ሰላም ብፆት ዱሓንዶ ኣለኹም? ካበይ ዱኣ እዩ ጉዕዞ? መገዲ ከመይ? ተሸጊርኹም ዲኹም?" በበይ ኽምዝመፁ ዘይረኣኹዎም ወያናይ ጎድኒ ጎድኒ እታ ቐስ ኢላ ትኸይድ ዝነበረት መኪናና እናሰደሩ ኣኪታቲሎም እዘን ሕቶታት ኣቕረቡልና። ኣየ ትግራዋይ ኣብዚ ኽፉእ ግዘ እወን ንዓና ጠጠው ንዘይምባል ምስ መኪና ማዕረ እናሰደሩ መን ምኺና ከሓቱ ይፍትኑ? ኣሕ እንታይሞ ከፀውየሉ....ካብ መኪና ወሪድና ሰላም ኢልናዮም መን ምኺንና ካበይ ከምዝመፃናን እንትንነግሮም ቅዲሙ ሓበሬታ በጊሕዎም ፀኒሑ ኣፀቢቑም ሰላም ኢሎምና በበይ ከንኸይድ ከምዘለና ሓቢሮም ኣፋነውና። ቑሩብ ሕልፍ ምስበልና ድማ ጀጋኑ ደቂ ትግራይ መስርያም ሒዞም ምስ ምሉእ ዕጥቆምን ግርመኦምን ብሓደ መስመር እንትሓልፉ ሪአ ካብ መኪና ወሪደ ሰላም ከብሎም ኽብረይ ናፍቖተይ ከገልፀሎም እንትህንደድ ወዮ "መላጥ" ሹፌርና ኢደይ ጨቢጡ መስርዕ ምስባር ከምዘይከኣል ነጊሩ ሱቕ ከብል ገይሩኒ... ድሕሪ ቑሩብ ዓቕብ ቁልቑል ጉዕዞ ኣብቲ እንደልዮ ቦታ በፃሕና....

"ደጊም ወይነ እየ ታሪከይ ሰንዱለይ..."

እቲ ብስልኪ ጥራይ ዝፈልጦ ከንረኽቦ ቆፀራ ዝሓዘልና ብፃይ ኣብ መንገዲ ተቐቢሉ ሓሲበዮ ተፀብየዮ ዘይፈልጥ ኽብሪ ሂቡ ኣብ መንገዲ ምስ ዝረኸቦም ተጋደልቲ ትግራይ ብኽብሪ እናፋለጠ እቲ ኣነ ስለእም ዝስመዐኒ ኽብርን ምስጋናን ናባይን ናብቶም ምሳይ ዝኸዱ ብፆተይን እናሸለሙ፣ እናድነቑን እናመረቑን ናብቲ እንዓርፈሉ ቦታ በፃሕና። ኣብዚ ድማ ትንፋስኻ ዝኸልእ ኩነታት እዩ ገጢሙና... ወዮም ምእንተ ክብሪ ትግራይ ኢሎም በረኻ ዝወፁ ዕድመ ከይደረቶም ዝኳሸሑ ዘለው ኣነ ድማ "ኣብዚሉሐ" ዘኽብሮም ደቅዛ ኽብርቲ ትግራይ ካብ ምቕማጦም ተሲኦም ሰላም ከብሉና ተሃንደዱ። ኣየ ትግራይየይ ዙኹሉ ሓልዮትን ፍቕርን ዙኹሉ ትሕትናን ኽብርን ዙመግለፂኺ ታይ ተረኺቡ እዩ እዚ ኹሉ መዓት ዝመፀና? ኣብ ምንታይ ተጣፊእና እዩ ከንሰማማዕ ዘይኸኣልና? ዞም ኽብርታት እዚኦም መን እዩ ሸርሺሩዎም ፀኒሑ? መን እዩኸ ተሓታቲ?..... ዙሑል ማይ ካብ ዕትሮ ተቐዲሑልና ምሳሕ እውን ምስቶም ናይ ገጠር "ብፆትና" ተኣንጊድና(ናይ መን ራሽን ከምዝወዳእና እዝጊ ዋንኡ)... ድሕሪ ምሳሕ ዝነበረ ኹሉ ወጊኡ ወሑዳት ተሪፍም.... ብዛዕባ ክሳብ ሐዚ ዘሎ ፍፃመታትን ምዕባሌታትን፣ ዘሎ



Scanned with CamScanner

እዋናዊ ኩነታት፣ ብዛዕባ ቐፃሊ ዝህልዉና ዕማማትን እንፈትን... ብሰፊሑ ዘቲና ድሕሪ ንውሕ ዝበለ ኣኼባ ሰራዊት ትግራይ ናብ ዘለውሉ ከንጉብኒ ኸይድና።

ውሑድ ቦታታት ምስዘርና ተመሊስና ንቶም "ባህሊ ትግራይ" ክንፋለጦም ኸድና። ፀሓይ ድብዝዝ ኢላ ናብ ምዕራባ ስለዝነበረ ዳርጋ ኹሎም ብሓደ ኽቢቦም እንትፃወቱ ኢና ረኺብናዮም። ዳርጋ ኹሎም ንፈልጦም ነኽብሮም ዓበይቲ ደረፍቲ እዮም ብሓደ ኽቢቦም ዝረኸብናዮም። ድሕሪ ምፍላጥ ክራርን ጭራን ኣምጺኦም እናተፃወትና ብጣዕሚ ደስ ዝብል ካብ ሕልናኻ ዘይጠፍእ ምቁር ምሸት ምሕላፍ ጀሚርና...ኣብ ጎድነይ ኮፍ ኢሉ ብዙሕ ነገር ዘውገዐኒ ሓደ ኽቡር ብፃይ(ንግዚኡ ስሙ ክዕቅቦ) ንዘይፈልጦም ዘፋልጠኒ ዝምዕደኒ ክንገብሮ ዘለና ጥንቃቐ ዝመኸረኒ፣ ክነንብቦም ዘለና መፃሕፍቲ ዝሕብረለይ (ካብቶም ዝሓበረለይ መፃሕፍቲ ቀልበይ ዝሰሓበቶ "start with why" እትብል መፅሓፍ እያ። እወ why? እንተይለ ክምለሱለይ፣ ክፀርፉለይ፣ ሓቁ ከወፅእ ዝደልዮም ብዙሓት ነገራት ስለዝህልው ይመስለኒ) ኽቡር ሓው ምስ ሓደ ወላዲ የፋልጠኒ...ርግፅ ዝበሉ በሊሕ ወያናይ ሕፅር ዝበሉ ቐይሕ እዮም...ምእንተ ትግራይ ኣብ ሰለስተ ኩናት ዝተሰለፉ...ኸዚ ድማ "ዘይዛዘምናዮ ዕዮ ኣለና" እናበሉ እቲ ጥፍኣት ከሸከሙ ዝደለዩ ዝመስሉ ኸልተ ደቆም ኣሰሊፎም ንነፃነት ትግራይ ዝኣሸሐ ዘለው።

እታ ምሸት ክይትውደእኒ ሰሲዐ እየ ዘለኹ መኒኡ ሐዚ መኒኡ ክሓድግ ኣይፈልጠ.... ምራጭ ዝበሃል ተዋዛይ(ኢሳያስ ርእሲ ጥውይዋይ፣ መቓብርኻ ኣብ መሬት ትግራይ፣ እናበለ በቲ ዕቡቕ ድምፁ ምሸትና ኣፀቢቑ)፣ እቲ ገዚፍ ወዲ ኣሌ፣ ንጉስ ኣባዲ(ዛማይ- ኣቤት ግርማ)፣ ባይረ(ክሓፍርኮ)፣ ቱልፎትዮ ሕሉፍ ኣለሙ(ክራር ከሜውታ መዓት)፣ ወዲ ሮሚጥ(ብዛዕባና ብጥዑም ልሳኑ ተናጊሩስ ደስ ኣቢሉና)፣ መሲ ሸኮር(ሂባ ዘይደኸማ ሕያወይቲ.. ክንደይ ሸለመት)....ብዙሓት ሸሞም ንግዚኡ ክገልፆም ዘይደለኹ ዘኽብሮም መሓዙተይን ዓበይቲ ኣሕዋተይን ገፆም ብብርሃን ተመሊኡ ኣብቲ ምውቕ ፀዋታ ተፀሚዶም ኣለው። ኣብ ማእኸል እዚ ምቁር ፀዋታ ሓደ ነገር ቀልበይ ስሒብዎ...እወ ሓንቲ ቐያሕ፣ ከተመተይቲ፣ ሰሓቕ ካብ ገፃ ዘይጠፍእ፣ ኹሎም እናተልዓሉ ሑፉቕ ዘብልዋ፣ ዝንእዱዋ፣ ብዛዕባኣ ኣውጊፆም ዘይመንዩ....ክፈልጣ ተሃንጥየ ኣብ ጥቓይ ንዘሎ ሓወይ ንክፋልጠኒ ሓቲተዮ.... ፀዊዑ ኣብ ጎኑ ኮፍ ኣቢሉ እናፋለጠኒ "ወለላ ትበሃል.. ታሪኻ ፀዊኻ ኣይውዳእን ክምዛ እትሪኣ ክይመስለካ መስተንክራት ዝተሸከመት እያ.." ኢሉኒ ወ..ለ..ላ.... ኣብ ዝቕፅል ዕሑፈይ ብዛዕባኣ ብዙሕ ሒዘልኹም ክምለስ እየ። እወ ወለላ፣ ብዙሕ መስተንክራ.... ብሰላም ቐንዩ።

ክንዕወት ኢና!





Scanned with CamScanner

# ኣማራፂ ኣይኮነን፡ ግድን እምበር !

ፀጋ ንትግራይ

ተምሃሮ ዩኒቨርስቲ ሃይለስላሴ 1960ታት ድሕነት ሃፀያዊት ኢትዮጵያ ብፅገናዊ ተይኾነስ ብሱርቦቀስ(radical) ለውጢ. ጥራይ እዩ ክሳኻዕ ዝኽእል ኢሎም ቃልሲ ኣንፃር ንጉሳዊ ስርዓት ጀመሩ። ድሕሪ ሒደት ዓመታት ድማ 'ሕቶ ብሄራት' ኢሎም ኣብ ዝቐንበብዎ ገዚፍ ኣጀንዳ ኢትዮጵያ ቤት ማእሰርቲ ብሄራት (Prison to nations) እያ ኢሎም ብግልፅን ብድፍረትን ሞጕቱ። ኢትዮጵያ ንብሄራት ቤትማሕዩሮም እያ ካብ ዝብል ስምምዕ ዝተልዓሉ ሰለስተ ናብ ውዳበ ዝተለወጡ ኣተሓሳስባታትን ምንቅስቓሳትን ድማ፤ ነናይ ባዕሎም ፈለግ ተኸቲሎም ሕቶናን መፍቲሑን ዝብልዎ ዘርዚሮም ብረት ኣልዒሎም ንምቅላስ ሃሰውሰው በሉ።

ዶክተር ተጋዳላይ ሙሉጌታ ገብረህይወት(ጫልቱ) from left wing liberation army into a government. The Challenges of transition and the case of TPLF/EPRDF ብዝብል ርእሲ ንመማልኢ ዶክትሬት ዲግሪ ኣብ ዝገበሮ መፅናዕቲ . . እቲ ሓደ ብበዓል እነግ ከውከል ዝኽእል ሕቶና ሕቶ ባዕዳዊ መግዛእቲ እዩ፤ መፍትሒኡ ድማ ቃልሲ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ብምኹላዕ ናፃ ሃገር ምምስራት እዩ ይብል። እቲ ኻልኣይን ዳሓር ህወሓት ብዝተሰመየ ሓይሊ ብዋንነት ዝተሰጎመ ሓሳብ ድማ ሕቶ ብሄራት ዝምለስ ንብሄራትን ህዝብታትን መሰል ዓርሰ ውሳነ ብዘጎናፅፍ ዳግመ ውቅ'ራ መንግስትነት (restructuring of the state) ይፍፀም ኢሉ ኣሚኑ ዝተልዓለ እዩ። ዝተረፉ pan Ethiopian ሓይሊታት ድማ 'ኣሃዳዊ' ቕረፀ መንግስትነት ከይቀየርኻ ፈለማ ሕቶ መደብ ብምምላስ ሕቶ ብሄራት እውን ክምለስ ይኽእል እዩ ዝብል ትንታነ ሒዞም ቀሪቦም ብምባል ብዕምቆት ይትንትኖ።

ዓሰርተ ሸውዓተ ዓመታት ዝወድኣን ብህወሓት ዝተመርሐን ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ብዋንኡ ቕርፀ መንግስትነት ኢትዮጵያ ብምቕያር መሰል ዓርሰ ውሳነ ብሄራት ዘረጋግዕ ስርዓት ንምትካል ዝተልዓለ ነይሩ። ከም ውፅኢቱ ድማ ብዓሰርተታ ኣሽሓት ዝቑፀር መስዋእቲ፣ ልዕሊ ሚኢቲ ሽሕ ድማ መውጋእቲ መላምል ደቂ ትግራይ ጠሊቡ። ንብሄራት ቤትማእሰርቲ ዝኾነ ስርዓት ኣፍሪሱ። ብሄር መሰረት ዝገበረ ፌደራሊዝም ተኺሉ። ንብሄራት ካብ ናይ ዘበናት ማእሰርቲ፣ ቀይድን ጭቆናን ናፃ ኣውፂኡ፤ ብሄራት 'ጎቶት ነበሶም' ዝኾንሉ ኣማራፂ ኣብቲ ኣገዳሲ ዘመናዊ ዝኾነ ሕገ-መንግስቲ ኣስፊሩ ተኸንቢቱ።

ካብቶም ዋና ዓወታት ኻልኣይ ወያነ ኣብ ሕገ-መንግስቲ ዘስፈሮ ሃገር ናይ ምኻን ኣማራፂ ሓደ እዩ። ከምቲ ዝፍለጥ ዓንቀፅ 39 እቲ ሕገ-መንግስቲ 'መሰል ዓርሰ ውሳነ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ክሳብ ምግንፃል' ኢሉ ብግልፂ ኣስፊርዎ እዩ። ኣብታ ሓዳሽ ፌደሬሽን ዘይጥዓሞ ወይ ረብሓይ ኣይተኸበረን ኢሉ ዝኣመነ ዝኾነ ይኹን ብሄር ሕገ-መንግስታዊ ኣካይዳ(Procedure)ተኸቲሉን ሕገ-መንግስታዊ መሰሉ ተጠቒሙን ሃገር ናይ ምውናን መሰሉ ሕልው ገይሩዎ እዩ። ነዚ እዩ ድማ ካብቶም ዓበይቲ ዓወታት ኻልኣይ ወያነ ሓደ 'ኣማራፂ ሃገርነት' ምፍጣሩ እዩ ምባለይ። ብርግፅ ኣብ ዲሞክራሲያዊትን ሕብረ ብሄራዊትን ኢትዮጵያ፡ ትግራይ ተጠቃሚት ክትኸውን እያ ኢሉ ካብ ልቡ ዝኣመነ መሪሕነት ካልኣይ ወያነ ነታ ከም ካልኣይ ኣማራፂ(ንብሄራት ዝሃባ መሰል 'ሃገርነት') promote ክገብራ ብዙሕ ኣይተርኣየን።



Scanned with CamScanner

## ድሕሪ 83 እቲ ግጥም ከመይ ተዓዩ?

ምስ ምፍቃድ ሓሳብ ናይ ምግላፅን ምውዳብን መሰል ተተሓሒዙ ሽግግር መንግስቲ ኢትዮጵያ(Transitional government) ገና ከይደልደለ ከሎ ጀሚረን እየን ኣዲስኣበባ ማእኸለን ዝገበራ ውፅኢታት ሕትመትን ስቪል ማሕበራትን ከም ፍልሖ ዝፈልሓ። እዘን ሚድያታትን ማሕበራትን መብዛሕቲአን ብተሰከምቲ ኣተሓሳስባ ኣሃዳዊት ኢትዮጵያ ዝምርሓ ኾይነን ወግሐ ፀብሐ 'ሓድነት ጦብያ' ኣብ ሓደጋ ዘሎ ስርዓት ካብ ትግራይ ወገን መጺኡ ብዝብል ናይ ሓሶት ተረኽ እናተመርሓ ፀረ ትግራይን ተጋሩን ዝኾነ ነፍሒአን ምንፋሕ ጀመራ። እዘን ሚድያታት ገና ብጕሓቱ ነይሩ ሓመድን ጀነሬተርን እምሓራ ተላዒሉ ንትግራይ ኺይዱ፤ ናይ መቐለ ኣስፋልቲ ልክዕ ከም ምስትያት መልከዕኻ ትሪኢሉ፣ ኩሎም ተጋሩ ናይ ዜግነት እናተብሃለ ካብ ሃፍቲ ኢትዮጵያ እናተሰረቐ ይኸፈሎም እዩ . . . ታይ ዶስ ከመይ ዶስ እናበላ ኣንፃር ተጋሩ ቅስቀሳ ዝፈለማ። እቲ መብዛሕቲኡ ሊሂቅ ይኹን ተራ ህዝቢ 'ጦብያዊ' ድማ ካብ ወለዱ ዝወረሶ ፅልኢ ዝያዳ ተራጎደሉ። ብደምን ጀግንነትን ደቂ ትግራይ ዝተነደቐ ዳግመ ውቅ'ራ መንግስትነት ብምፍራስ ናብ ናይ ቀደሙ ልዕልና ኣምሓራን ኣምሓራይነትን(ኢትዮጵያውነት ይብሉ ንመሸፈኒኡ) ዝምልስ ቅርፂ ኣሃዳዊነት ንምምላስ ድማ ፃዕሪ ጀመሩ። ኣሃዳዊት ኢትዮጵያ ንምምላስ ትግራይን ተጋሩን ዝብል ኩሉ ፀለሎ ይለኽ፣ ይወቓዕ ዝብል ድማ ፍልስፍነእም ኾይኑ። ሚሊዮናት ፀላእቲ ትግራይ ድማ ኣዕሲሎምሉ። እዚ ሽንኽ ብሊሂቃን ኣምሓራን ሃሳዌ ኢትዮጵያውያንን ይምራሕ ነይሩ።

እቲ ኻልኣይ ሽንኽ ግጥም ከወገን ኦሮሞ ዝፈልፈለ ኾይኑ፡ ፈለማ 'እቲ ናይ ብሄር ፌደራሊዝም ብትኽክል ኣይሰርሕን ዘሎ' ዝብል ቅኑዕ ዕላማ ሒዙ ዝተልዓለኳ እንተነበረ ንታኪቲከን ልዕልና ወያነ ንምጥፋእን ብዝብል ፈሊጥ ካብ መትከሉ ብዙሕ ሪሒቑ ኦሮማራ ዝብል ግናይ ኣተሓሳስባ ኣማዕቢሉ 'ሓጎስ vs ቶላ' ዝብል ሓደገኛ ተረኽ ብምፍጣር ኣብ ልዕሊ ፌደሬሽን፣ ምትእስሳርን ምትእምማንን ህዝብታት ዝለዓለ ህስያ ኣስዒቡ እዩ።

ብምላሹ ድማ . . .

ዋና ተሓላቒ እቲ ፌደሬሽን ዝነበረ ናይ ትግራይ ሓይሊ ከቃዶ ዘይኽእል ባህግን ሕልሚን ብሄራትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ 'ልቢ ዘይበለ' ነይሩ። ኣብዚ ትፍንን(tension) ኣንፃር ህዝቢ ትግራይ ዘቕነዐ ጓስጓስን ናዕብን ከም ሓደ ኣማራፂ ከጥቀመሉ ይኽእል እኳ እንተነበረ ኣብቲ ሕገመንግስቲ ዘቕመጦ 'ኣማራፂ ሃገርነት' ዕሸሽ ኢሉ እቲ ፌደሬሽን ንከይፈርስ ብዙሕ ደኺመ(ከምቲ ኣብ ቀዳማይ ሕታም ረመፅ የማነ በርሀ ዝተብሃለ ፀሓፊ ዝበሎ 'ወዮም ብሄረ ብሄረሰባት ሓይሊ ሚዛን ሪእም ደርጊ ንምኺን ፃት ከምዘይወስደሎምንምፍላጥ መዓት ከበፅሐና ተፀበየ)።

ድሕሪ እዚ ዝመፀ ኹሉ ጉድ እዩ፤ ማእለያ ዘይብሉ ጉድ!

## እወ! ናፃ ሃገረ ትግራይ ኣማራፂ ኣይኮነን፡ ግድን እምበር!

ኣብ 16 ክፍለ ዘበን ዝፈንደአ Reformation እናተብሃለ ዝፍለጥ 'ሃይማኖታዊ ወያነ' ድሑር ኣተሓሳስባን ኣነባብራን ኣውሮፓውያን ብሓያሎ ዝቐየረ ነይሩ። ብዙሓት ተንተንቲ ፖለቲካ Reformation ኣብ ውሽጢ ሃይማኖት ካቶሊክ ዝተፈፀመ 'ሃይማኖታዊ ወያነ' ከይኾነስ 'ፖለቲካዊ ወያነ' እዩ ይብሉ። ምኽንያቱሲ ድሕሪ ብማርቲን ሉተር ዝተመርሐ Reformation ዘላ ኣውሮፓ 'ዳግመ ውቅ'ራ መንግስትነት' ዝተኻየደላ፣ ሰማያዊን ምድራዊን ስልጣን ሮማዊት ቤተ/ክርስትያን ዝተመንጠለሉ፣ ህዝብታት ብቋንቋና ኢና ንቅድስ ንውድስ ዝበልሉ፣ ሓደሽቲ ብሄረ መንግስታት ዝበቖላሉ፣ ብሓፂሩ መሰል ዓርስ ውሳነ ዝበሃል ዝፈፍ ሓሳብ ዝሰሰነሉን ግዘ ነይሩ። ኣውሮፓውያን መሰል ዓርሰ ውሳነእም ብምጥቃም ድማ ብቋንቋ፣ ብባህሊ፣ ብባህሊ፣ ብጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣን ብስነልቦናን ምስ ዝመስሎም ብምኺን ነናይ ባዕሎም ብሄረ መንግስታት ኣጣየሹ። ሐዚ እንፈልጠን መብዛሕቲአን ሃፋትም፣ ሩጉዓትን ሓየልትን ሃገራት ኣውሮፓ ሽዑ ዝተፈጠራ ነይረን። መብዛሕቲአን ሃገራት ኣውሮፓ ብሄረ መንግስቲ(nation state)ምስ ዝብል ኣምር ምስተፋለጣ ካብ ሃፀያዊ ጨፍጫፍን ዕብለላን ተናገፋ፤ ፈፂመን ድማ ንድሕሪት ቁሊሕ ኣይበላን።



Scanned with CamScanner

ናባና ንመለስ . . .
ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ብመስዋእቲ መላምል ደቂ ትግራይ ዝተረኽበ ዓወት ካብቶም ዋና ሸሻያቱ ሓደ ምስ 'ኣማራጺ ሃገርነት' ምምፅኡ ነይሩ። መሰል ዓርሰ ውሳነ ክሳብ ምግንፃል ይብለና!...ታሪኽና ከምዝነግረና ሓረስቶት ኣያታትና ዝመርሕዎ ወያነ 'ባዕለይ ብገረበይ ከመሓድር' ዝብል መዋቕር ዝንቕንቕ  ኣምር ሒዙ ዝተልዓለ ቓልሲ ነይሩ። መሰል ዓርሰ ውሳነን ዳግመ ውቅ'ራ መንግስትነትን ከም ዕላማ ሒዞም ዝተልዓሉ ህወሓት ዝተሰየሙ ደቆም(ንናይ ሐዚ ወለዶ ድማ ኣቦታትና) ድማ ዕላመኦም ዕውት ገይሮም ኣማራጺ ሃገርነት እውን ሂቦምና እዮም። ምናልባት ትግራይ ውሁድ(homogeneous) ማሕበረሰብ ዝወነነት፣ ናይ ዘመናት ነዊሕ ናይ መንግስትነት ታሪኽ ዘለዋ ብባዕላ ጠጠው ክትብል እትኽእል ሃገር ክትኸውን እናኻኣለት ፌደሬሽን መሪፃ፤ ምስቶም 'ብሄራትን ህዝብታትን' ሕልምና ከቃዶ ከምዘይኽእል ዋላ ብተደጋጋሚ እናረአና እውን(ካሊእ ይትረፍ መረፃ 97ን ጨፍጫፍ ጎንደር 2008 ዓ.ም ልቢ ንበል) እቱ ፌደሬሽን ከይፈርስ ዘየድሊ ጉልበት ምፍሳስና ጌጋ ምንባሩ ርዱእን ዘሕምምን ዋላ እንተኾነ ኻልኣይ ወያነ ዝኸዶ መገዲ ደሚርካ ኣጉዲልካ እንትረአ ግን ታሪኻዊን ዕውትን ዝበሃል ነይሩ።

## ሐዚ ኸ???

እዚ ምእንተ ህላወን ናፅነትን ከምኡ ድማ ምልሰት መንግስትነት ትግራይ ዝግበር ዘሎ ደማዊ ቃልሲ ከልተ ወለዶታት ብሓንሳብ ሰሚሮም ዝገብርዎ ዘለው ቃልሲ እዩ። ምስጋና ንተጋደልቲ ትግራይ 'ሓመድ ልሒስና ተልዒልናስ' ናብ ሙሉእ ዓወት እውን ንግስግስ ኣለና።

ሐዚ ኹሎም ሓሳባት ናብ ናፅነት ዘቕንዑ ይመስል። ኹላ ዝተወልወለት ከላቼንኮቭ፣ ኹሉ ዝተሰወእን ዝተጎድእን  ተጋዳላይ ካብ 'ሃገርነት' ትሕት ንዘይብል ዕላማ እዩ ኢልካ ምድምዳም ዝከኣል ይመስል። ደበስ ኣብ ኣፍደገ ገዝእ ወዳ ዝተቐትላ ኣዶ ሃገር እምበር ካሊእ ኣይኾነን። ትግራወይቲ ብም኿ና  ዝተዓመፀት ሕድሕድ ሓፍትና ባንዴራ ትግራይ ኸዲንና እዚ ኹሉ ምእንተ ናፅነት ትግራይ እ.ኺ. ኽእ.ልክዮ ኢ.ልኻ ካብ ምፅንዕናዕ ወፃኢ.ኸ እንታይ ዕድልን ተኽእሎን ኣለና?? ዋላ ሓንቲ የለን!!

ናብታ 'ኹሎም ሓሳባት ናብ ናፅነት ዘቕንዑ ይመስል' ዝበልኽዎ ከምለስ። እዚ ኣብ በረኻታት ትግራይ፣ ኣብ ከተማ ይኹን ኣብ መላእ ዓለም ዝኣሻሕን ዝቃለስን ዘሎ ትግራዋይ፣ ትግራይ ሃገር ክትከውን ኣለዋ ዝብል ባህጊ ኣማዕቢሉ እዩ ኢልካ ደፊርካ ምንጋር ይከኣል። ከምቲ ነዊሕ ግዜ ከበሃል ዝፀንሐ ድማ ሃገር ምኳን ካብ ባህጊ እዩ ዝብገስ። እኒኤና ንብሎ ሊሂቅ ዳርጋ ብሙሉኡ ድማ ብዝተፈላለየ መንገዲ ከውን ሃገርነት ትግራይ ዘይተርፍ ምኳኑ እናገለፀ ይርከብ። ኣርባዕቲእን ብሄራውያን ውድባትና ብሙሉእን ሰሚረን ድማ እዚ ንምግሃድ ይቃለሳ ኣለዋ።

## ክገጥም ዝኽእል ፈተና . . .

እቲ ሓደ ካብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ከምንጩ ዝኽእል ሃይማኖት ጉልባብ ገይሩ ክመፅእ ዝኽእል ኾይኑ ዛጊድ 'ሰሜን ኢትዮጵያ እየተጠቃ ነው' ዝብል ኣጀንዳ ተቐሪፁልና ድማ እኒሀ። ካብዚ ፈተና እዚ ትግራዋይ ናይ ባዕለይ ዝብላ ኣከሱም ዝማእኸላ ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስቲያን እያ ዝደሊ፤ ናይ ባዕለይ ዝብሎ ነጋሽ መስጂድ ድማ ኣለኒ፥ ኣይደልየኩምን እየ ኢሉ ነቒሑ ዝወደአ ይመስል።

እቲ ኻልኣይ ክመፅእ ዝኽእል ፈተና ምብትታን ኢትዮጵያ ዕድኡ ኣብ ዝባና ከኸውን እዩ ዝብሉን፣ ኢትዮጵያ ዓብይ ዕዳጋ እዩሞ ክትበታተን ኣይብላን ካብ ዝብሉ ፅዕንቶ ፈጠርቲ ዓበይቲ ሃገራት ዓለም እዩ። ነዚ ድማ ትግራይ ዘለዋ ብልጫታት ብምርኣይ ሃገር እንተኾይንና ንባዕልና ረቢሕና ምርግጋፅ ቀርኒ ኣፍሪካ ከነረጋግፅ እንኽእለሉ ዘማዕበልናዮ ልምድን ክእለትን ፀጥታ ከምዘለና ኩሉ ክፈልጦን ክግንዘቦን ምዕያይ ዕዮ ገዛና እዩ። ምስ ምዕራባውያን ዝቃዶ እምበር ዝጋጮ ቅሻረት(norms & values) ከምዘይብልና ብምርኣይ ዝሐሸ ኣማራጺ (Viable option) ከምዘለና ንዓለም ብእርይ ቁፅሪ ምርዳእ ድማ ስራሕ ሕድሕድ ሊሂቅ ትግራዋይ ይኸውን።



Scanned with CamScanner

# ግዜ ትግራይ

**ባህጊ ነፃነት**

ትግራይ ልብን ኣእምሮን ኢትዮጵያ ኮይና ኣብ ዝፀንሐትሉ እዋን ሓሳብ እናመርሐ ሰብኣውነት ንሰባት እናገዝአ (ሕጊ ከጥሕስ እየ ዝበለ ከዕገስ ተጌሩ) ኢትዮጵያ ኣብ ዘመና ዝረኣየቶ ዝበለፀ ሓበራዊ ዕቤትን ቅሳነትን ሓሊፉ። ኢትዮጵያ "ለቢመ እየ፣ ባዕለይ ከሓስብ" ኢላ። "ከንደይ ግዜ በይንኹም ከትሓስቡለይ ቁሩብ ከብርየኩም" ምባል ሓጥያት የብሉን። ብሓቂ ከተባባዕ ዝግብእ ዕቡቕ ለውጢ እዩ። ናይ ኢትዮጵያ ባዕለይ ከሓስብ ምባል ግን ዝሓስብ ኣእምሮን ዝርህርህ ልቦናን ስለዝነበራ ኣይኮነን፣ ትግራይ ሕሉፍ ተረባሒት እያ ካብ ዝብል ስሑት ወፍሪ ዝነቅል እምበር። ሰብ ከልብም ከሎ ንባዕሉ እናሃሰየ ንኻልኦት ከነብር ይኽእል፣ ንኣብነት ከም ትግራይ . . . ኢትዮጵያ ግን ትግራይ ኣይኮነትን። ንትግራይ ቐቲላ ትነብር እያ ትደሊ።

እቲ ንትግራይ እናተሃሰየት ከላ ከም ተጠቃሚት ቆፂሩ ዝጀመረ ዕብዳን ኢትዮጵያ ብዙሕ ከዘልቕ ኣይከኣለን። ባዕላ ዝወለዐቶ ሓዊ ተመሊሱ ከበልዓ ኣብ ጫፍ በፂሑ። ብዝኾነ መለከዒ መርኣያ ከትከውን ዘይትኽእል "ደቃ በቲና መፃወቲ ኣረግቶት ዝኾነት ኤርትራ" ምርኩስ ሒዛ ከትመርሓ ፈቒዳ። እዚ ኹሉ ህዝቢ ከዓብድን ከድንቁርን ከሎ ትግራይ ካብቶም ቀዳሞት ዓመታት ከትመሃር ስለዝጀመረት ንኻልኦት ከይተንከፈት ውሽጣዊ ጉዳያ ከትዓምም መለበሚ ኮይንዋ ነበረ። እዚ ግን ቀሊል መገዲ ኣይነበረን።

ከልተ ኣብ ሰኸራንን ድንቁርናን ዘለዉ ጎረባብቲ ሒዝካ ሰላማዊ ድቃስ ከትድቅስ ኣይትኽእልን። ወይ ንሶም ገዛ ከቕይሩ ኣለዎም ወይ ንስኻ ከትቕይር ኣለካ። ኣብ እንዳቦኻ እንተሃሊኻ እሞ ገዛ ምቕያር ኣማራፂኻ እንተዘይኮይኑ፡ እቶም ጎረባብትኻ ወይ ሰኸራኖም ወይ ድንቁርንእም ከተጥፍኣሎም ኣለካ። ብዝርደኣካ ዘይኮነስ ብዝርደኦም ቋንቋ ከተምህሮምን ከትቕይሮምን ኣለካ።

ምናልባት ትግራይ ዝጎድኣ 60 ዓመትን ልዕሊኡን ንዝሰኸሩ ሰባት ከይተንከፍኩ ከቕይሮም እየ ምባላ ይመስለኒ። ኣብ ዘይዓድኻ እንተተሰዲድካ እሞ ዓድኻ እንተኸሒድካ ወዲ ዓድኻ ኣብኡ ከህሉ ኣይትደልን። ምኽንያቱ ሓቀኛ መንነትካ ብኡ ስለዝቕላዕ! ኣብ ዳንኬራ ሃገራዊ መንነት ኢሳያስ ንልዕሊ 30 ዓመት ዝተላሃዩ ጎየልቲ ዝገጠሞም ፀገም እዚ እዩ። ካብ ትምስረት 30 ዓመት ኣብ ዘይመልእት ሃገር ኮይኖም ወነንቲ 3000 ዓመት ዘቑፀረ ቋንቋ ከኾኑ ኣይኽእሉን። ነቲ መሰረት ዘይከሓደ ሓው ህዝቢ ኣሎ። ኣብ ኣፍሪካ ብሕታዊ ወናኒ ፊደልን ኣቆፃፅራ ዘመንን ዝኾነ፣ ሃይማኖት ከቕበል ከሎ ባህሉን መንነቱን ከየህሰሰ ሓሳብ እምበር ባህሊ ከይወረሰ ስነ ቓል ዘፅነሐ ህዝቢ ኣሎ።

ጎይታ መሬቱ : ስድሪ እንተተንከፍካሉ ደም ዘንብዕ ህዝቢ። ከም ሓይሉ ከይጀሃር ዝመሓለ ጎይታ ትዕግስቲን ዓቕሊን። ንበደል ትማሊ ከርስዕ ፃት ዘይወስደሉ ኣቦ ይቕሬታን ምሕረትን፣ ፀግዒ ሕውነትን ከብረትን። ከኽብረካን ከሕግዘካን "ሰብ" ትብል ኣርማኻ ትኣኽሎ። ንፍቕሪ ብምንባር ኣርእዩካ ሞይቱ ከታም ዝገብረላ ዓቃል፣ ፀዋር፣ ፈላጥ፣ ፃዕራም፣ ደኺመ ዘይብል ድኻም ካልኦት ዘየጥፍእ ህዝቢ እዩ ትግራዋይ። እዚ ህዝቢ ኣብ ጥቓኻ እንዳሃለወ ኣብ ሓሶት ዝተሸኸለ ዳስ ከቕውም እየ እንተበልካ "ንእቦይ ኣነ ወሊደዮ" ካብ ምባል ዝፍለ ኣይኮውንን። እቲ ጥበብ ነቲ ሓቀኛ መንነቱን ታሪኹን ዘይኽሕድ ኤርትራዊ(መን ምኳኑ ኣፀቢቑ ዝፈልጥ ኣገዞ ውሑድ) ምንጪ ኩርዓት እምበር እንተዘይኣጥፋእኽዎ ዘብል ፀበል ጎጃም ዝነፅግ ኣይነበረን።



Scanned with CamScanner

ኢትዮጵያ ከትዓብድ ከላ ትግራይ ሰላም ምኧና ፀገም ኣለዎ ፧ ሕማቕ ተማሃራይ ምልእቲ ቤት ትምህርቲ ከትወድቀሉ ኣይፀልእን። ምስ ኑብሶኻ ምውድዳር ዝበሃል ስለዘይፈልጥ፧ ዓወቱ ኣብ ውድቀት ካልኦት እምበር ኣብ ብልጭኡ ስለዘይደልያ። ብፍላይ ብልፅግና ዝበሃል ንሕምስምስ ቦታ ዘይሁብ ሞኒተር እንተሃልዩ እሞ ኣብቲ ከፍሊ ካብ ዘለዉ ቆልዑ ሓደ ፅቡቕ ውፅኢት ከመዝግብ እንተኽኢሉ . . . ብሓንቲ ወንጭፍ ክልተ ዒፍ ንዕኡ ምጥፋእ ኑቲ ብድንቁርና ዝዓወረን ብኽፋእ ዝሰኸረን ድኹም ዓብዪ ዓወት እዩ። ከፍኣት እዩ ዓዲ ሃሎን ኣራት ኪሎን ኣራኺብወን እምበር ብፅላማስ ከንድእን ዝናቕት የለን።

እዚኣ ንከዐውቱ ንትግራይ ወሪሮማ፧ ብዘይ መራሕቲ ከትርፍዋ ፈቲኖም። መራሕቲ ዝፈጥር ማህፀን ትግራይ ዝፈጠሮም እምበር ካብ ሰማይ ከም ዘይዘነቡልና መንም ነገረለይ?

ትካላትና ኣፅንዮሞ፧ ዝተሰርሐ እምበር ዝቦቖለ ህንፃ ከም ዘየለ እቲ ዕውር ኣእምሮኦም ክርኢ ኣይኽእልን። ሰብና ቀቲሎሞ ፧ ኣደታትናን ኣሕዋትናን በቲ ክብረት ዘይፈልጥ ረሳሕ ኣካላቶም ተዓሚፀን። ትግራዋይ ግን

## ግዜ ትግራይ መዓዝ እዩ?

ግዜ ብነብሱ ሓያልን ድኹምን ኣይኮነን። ኣብ ከይዲ ግዜ ዝሕይልን ዝደከምን ሰብ እምበር ግዜ ዘሓይሎን ዘድከሞን ሰብ የለን። ግዜ ዘርዩና፧ ግዜ ሓጊዙና እናተባህለ ሓላፍነት ከይስማዓና ዝገብር ዘሎ ኣካይዳ ኣምሓራ ንየው ንበሎ። ቀደም ትወፅእ ኔራ ሎሚ ዝተረፈት ወይ ቀደም ተምውቕ ኔራ ሎሚ ተቖርር ፀሓይ የላን። ኣብ ዝኾነ ሰዓት ሓያላትን ንቑሓትን ኔርና ኣብ ከይዲ ግዜ ኑቲ ንቕሓት ኣይዓቀብናዮን ብሃይማኖት ሓሊኾም ዘግ ኣቢሎምና።

ከምቲ ፊዚክስ ዝብሎ ንሕድሕድ ግብሪ(Action)፣ መልሰ ግብሪ (Reaction) ኣለዎ። ከውድቑና ከለዉ ንህቦ መልሲ ቀልጢፍካ ምትሳእ ድዩስ "ግዜ እዩ ኣውዲቑኒ፧ ደሓን እንኳዕ ካብዚ ዝኸፍአ ኣይኮነ" ኢልና ምስ ኩነታት ምምስሳል። እምነቱ ኣብ ብርኩን ኣብ ጥንኩር ናይ ስራሕ ባህሉን ዝገበረ፣ ንዝገብሮም ነገራት ሓላፍነት ዝወስድን ንዝመፅእ መልሰ ግብሪ ቀዲሙ ዝዳሎን ህዝቢ፧ ሎሚ ንዝተፈፀሞ ነገር ሓላፍነት ናብ ፍቓድ ኣምላኽ ወይ ከፍኣት ሰይጣን ደርብዩ ክነብር ግቡእ ኣይኮነን። እቲ ዝወረደና

**ተንበርኪኽካ ካብ ምንባር ቅንዕ ኢልካ ሙማት ክብሪ እዩ፤ ቅንዕ ኢሉ ዝኸይድ ወከዶ ስለዝፈጥር። ሃዲምና ንመፆ እምበር ሃዲምና ገዲፍናዮ ንኸይድ ዓዲ የብልናን። ደቂ መን ኮይንና እሞ? ደቂ ዮሃንስ፣ ደቂ ኣሉላ፣ ደቂ ሓየሎም፣ ደቂ ስዩም መስፍን ኣይሃድሙን።**

እንዳሞተ፣ እንዳተተከአ፣ ሓሳባት እንዳተኸለ፣ እቲ ሓሳብ እንዳተወረሰ እዩ መፅዩ። ምስ ሞት ሰባት ናብ መቓብር ዝወርድ ምስጢር እምበር ኣብ መቓብር ዝተርፍ ሓቦን ሓቅን ኣይወረሰን። ከምኡ ኢሉ ኣሎ፧ ከምኡ ኢሉ ድማ ከቕፅል እዩ። ዝወረርዎ መሬት ናይ ትካቦ መሬት ኣይኮነን፧ መሬት ዓደቦና እዩ። ኣብ መሬትና እኽሊ እንዳሰፈሩ ክንብሩና ኣይኽእሉን። መሰልናን ሃፍትናን እንዳቐንጠሩ ክህቡና እሞ በቲ ዘሎ ተመስገን ኢልና ክንነብር ትግራዋይ መንነትና ኣይፈቅድን።

ግፍዒ ግዜ ስለዝኸፍአ ወይ እውን ሓጥያትና ፀብዒቡ ከቕፅዓና ዝደሊ ልዕሊ ተፈጥሮ ዝኾነ ሓይሊ ስለዘሎ ዘይኮነስ ምስ ኣረሜናዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት እናነበርና ኣታሕዛ መልእኽ ንሕዞም ስለዝነበርና እዩ።

ግዜና ከመፅእ እዩ ኢልካ ዓድኻ ገዲፍካ ምህዳም ኣብ ኤርትራውያን ተፈቲኑ ዝፈሸለ ኣካይዳ እዩ፧ ንኺድ ግዜና ባዕልና ነምፃዮ። ኣብ ዓለመ ፖለቲካ ብሓይሊ ንዝወሰዱልካ ሃፍቲ ብሓይሊ ከተምልስ ዘይትኽእል እንተኾይንካ ንምንታይ ተወሲዱኒ ኢልካ ከተእዊ የሰክፍ እዩ። እዚ ናይ



Scanned with CamScanner

ሓያላት ዓለም እዩ። ከተምልሶ ዘይትኽእል ነገር እንተተወሲዱካ ብቐደሙ እውን ኣይናትካን።

## ግብረ መልስና እንታይ ይኹን?

ትግራይ ከጥፍእዋ ከፍትኑ ከለዉ ንህቦ ግብረ-መልሲ እንታይ እዩ? ሓዘን ንመስበርቲ፤ ሕርቃን ድማ ሓይሊ እዩ ዝወልድ። ብዕድል ይኹን ብህልኽ እዚ ኣጋጣሚ ከንሓዝን ዕድል ዝህብ ኣይኮነን። ስለዚ ሕጂ ንሓርቀሉ እምበር ንሓዝነሉ ግዜ ኣይኮነን። ንኹሉ ግዜ ኣለዎ ይበሃል። ግዜ ስለዝገብሮ ዘይኮነስ ኣብ ከይዲ ግዜ ተግባራት ወዲ ሰብ ዝወልዶም ፍፃመታት ንኹሉ ዝኸውን ግዜ ስለ ዘምፅኡ እዩ። ከይመረፅና ዝመፀና እዚ ኩነታት እምበኣር እንሓርቀሉ ግዜ እምፅዩ ኣሎ። ኣብ ሕርቃንና ዘሎ ሓይሊ ድማ ናብ ቃልሲ ነሲጋግሮ።

እዚ ቓልሲ ፍትሓዊ እዩ። መንነትን ኣተሓሳስባን ከም ገበን ቖፂሩ ብኣልማማ ንዘውሰድ ዘይፍትሓዊ ስጉምቲ ንምቕባር ዝግበር ቃልሲ እዩ። ኣካይዳ ኣራት ኪሎን ዓዲ ሃሎን ንኹሉ ትግራዋይ ሞት ሒዙ መፅይዎ ኣሎ። እቲ ሕቶ "ነቲ ሞት ኣበይ ኮይንና ንፅበዮ ኣለና?" እዩ። ኣብ ገዛ ዶ ኣብ ሜዳ? ጥይት ብዝባንካ ዶ ብደረትካ እዩ! ኣብ ገዛኻ ኮይንካ ዶ ንሞት ትሞታ ወይስ ሜዳ ወሪድካ ንሞት ትቕትሎ? ሞትካ ኸ ስድራኻ ዘጉሂ ዶስ ንዓድኻ ዘሕብን ትገብሮ? እቲ ምርጫ ናትና እምበር ናይ ግዜ ኣይኮነን። ግዜ ንባዕሉ ከብል ከያዳይ እዩ፤ ንሕና ኸ ንባዕልና ከንብል እንታይ ንግበር?

ምርጫና እቲ ካልኣይ እዩ። ምርጫ ናፅነት፣ ምርጫ ትግራዋይ ኮይንካ ሰብ ምዃን፣ ምርጫ ዓወት!

ንኹሉ ግብሪ ሓቀኛ መልሰ ግብሪ ከንህብ ግቡእ እዩ። ተሰዲዶም እንተመፁና ነፅልሎም፥ እንተተዋሲብና ሕውነት ነኽብር፥ ከፅገሙ ንሕግዞ፥ ከረኸቡ ንሕጎስ። ከትብጡና እንተመረፁ ኸ? ንርገፅ ዝበሃል ኣማራፂ የለን። እቲ ፅጉማት ዝሕግዝ፣ ስዱዳት ዘፅቅል መንነትና ከርገፅ ኣይንመርፅን። ብልክዕ ሰናይና ፅቡቕ ዘይከንረክብ ንኽእል። ዘኾለሰ ኢድና ውዕለቱ ከርሳዕ ከንፀውር ንኽእል፤ ዘኾለሰ ኢድና ተነኺሱ ከቑረፅ ግን ፈፂሙ ተቐባልነት ዘይብሉ ተግባር ኣራዊት እዩ። ንዘብኢ ኣነ ኣይነኽስኩኻን እሞ ከይትነኽስኒ ዝበሃል ስነ ሞጎት ኣይርድኦን። ከም ዝብኢ ንዝሓስብ ጉጅለ ከም ሰብ ቆፂርካ ናዓ ንረዳዳእ ካብ ከትብሎ ከም ዝብኢ ቆፂርካ ናይ ኢዱ ከትህቦ ይቐልል። ከይፈተና ዝኣተናዮ እዚ ኹነታት እምበኣር ንኹሉ ብዓቕሙ ከንቀርቦን ዝግብኦ ከንህቦን ዘገድድ እዩ። እናሞትካ ተኸብሮ ወገን እምበር ሞይትካ ተዐውቶ ፀላኢ ከብሪ ሂወትካ ኣይፈልጥን። ሙማት ዋጋኻ እውን ከመስሎ ስለዝኽእል። ንሰብ ዋግኡ ምሃብ ንዕኡ ጥራይ ዘይኮነስ ንዓኻ እውን ዋጋኻ ስለዝውስን እዩ ዋጋ ዝኾነ ሰብ ከነጥፍእ ዘይግባእ። ከኽብሩና ከለው ጥራይ ዘይኮነስ ከደፍሩና ከለዉ እውን ዋግኡ ከፈልጥዎ ኣለዎም። ብዓቕሙ እቲ ዝሃሰዩና ጥራይ ዘይኮነስ ብዓቕሙ እቲ ዝሰበርዎ እምነት፥ ብዓቕሙ እቲ ዘደንጎዩልና ሰናይ መፃኢ እውን ኢና ከንቀፅዖም ዘለና።

እወ ንሕማቕ ይኹን ፅቡቕ ንኹሉ ብዓቕሙ ዋግኡ ንሃቦ! ግዜ ትግራይ ንሕና ነምፅኦ እምበር ባዕሉ ኣይመፅእን። ዝወረርዎ መሬት ናይ ትካቦ መሬት ኣይኮነን፤ መሬት ዓደቦና እዩ። ኣብ መሬትና እኽሊ እንዳሰፈሩ ከንብሩና ኣይኽእሉን። መሰልናን ሃፍትናን እንዳቖንጠሩ ከህቡና እሞ በቲ ዘሎ ተመስገን ኢልና ከንነብር ትግራዋይ መንነትና ኣይፈቕድን። ንሕና ፍትሒ ንደሊ፤ ወፅዓ ዝኾነ ህዝቢ ዝስምዓና ኮይንና ከለና ወፅዓ ኣሜን ኢልና ከንቅበል? ኣይፋል! እቲ መዓት ፀገም ዝፀውር እንግድዓና ኣብዚ በፂሑ ክሸክም ኣይኽእልን። ስለዘይኽእል!

ከንሞተሉ ንዘይንኽእል መሰል ከንነብረሉ ኣይንመርፅን እሞ ንናፅነትና ከንመውት ንመርፅ።

ተንበርኪኽካ ካብ ምንባር ቅንዕ ኢልካ ሙማት ከብሪ እዩ፤ ቅንዕ ኢሉ ዝኸይድ ወለዶ ስለዝፈጥር። ሃዲምና ንመፆእምበርሃዲምናገዲፍናዮንኸይድዓዲየብልናን። ደቂ መን ኮይንና እሞ? ደቂ ዮሃንስ፣ ደቂ ኣሉላ፣ ደቂ ሓየሎም፣ ደቂ ስዩም መስፍን ኣይሃድሙን። ኣያታቶም ምህዳም ይኹን ምንብርካኽ ኣየምሃሩዎምን።

ብናፃ ናፅነት የለን እሞ ትግራይ ናፃ ከትከውን ብናፃ ሂወትና ኣረኪብናያ ኣለና።

ፀላኢ ይወርር

ትግራይ ትስዕር !



Scanned with CamScanner

# ናፅነት፡ እንኮ መግረፂ

የማን ኪዳን

ሃገረ ኢትዮጵያ ንምንታይ በላዒትና ኾነት? ኣብ ምንታያ ውዒልናዩኽ ኣብ ልዕሌና ትውዕል ዘላ? ፈለምቱ ዝኾናሉ ሃገረ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኸ ንምንታይ ደጋጊሙ ይሓርደና? ዝብሉ ወለዶታት ዝተሳገሩ ሕቶታት ህዝቢ ትግራይ ፍታሕ ስለዘይረኸቡ ኢትዮጵያ በቢ ግዚኡ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ጨፍጫፍ ከተቋርፅ ኣይከኣለትን። ኣለኒ ትብሎ ሰናይ ነገር ኹሉ ካብ ትግራይ ዝኾና ኢትዮጵያ ፈላሚ ስርሒት ሃገረ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ኸንድዚ ሕሱም ክትኾኖሉ ዝኸኣለትሉ ምኽንያት ካብ ጉዕዞ ዕብየት ሃገረ መንግስትነታ ይነቅል። ኣብ ኸይዲ ዕብየቱ ካብ ፈላሚኡ ዝኾነ ብሄረ ትግራይ ወጊኡ ኣብ ኢድ ካልኦት ስርወ መንግስታት ፋሉል ዝወዓለ ስርዓተ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንትግራይ ተባላዓይ ሌዋታን(Leviathan) ኾይንዋ ይርከብ።

ኣመፃፅኣን ምዕባለን መንግስቲ ምስ እንርኢ ህዝብታት ኣብ መንጎኦም ንዝፍጠር ውሽጣዊ ጎንፂ ንኸኣልየሎምን ካብ ካልኣት ኣህዛብ ከመፅእ ካብ ዝኽእል ጥቕዓት ንኸሕልዎምን መንግስቲ ምጥያሽ ከም ዝጀመሩ ይፍለጥ። በቢ ግዚኡ'ውን ሞናርኪኣዊ፣ ድስቡጣዊን(despotic) ዴሞክራሲያዊን ዓይነታት መንግስቲ ተራእዮም። ሰለስቲኦም ዓይነታት መንግስቲ ዘመሳስሎም ዋና ነገር እንተሃለወ መስርሖም ዘፈፅመሎም ፈፃሚ ስራሕ(executive) ኣካል ምውናኖም እዩ። እዚ ፈፃሚ ስራሕ በቢ ዘመኑ መልክዖም እናቀያየሩ ሐዚ ዘለውዎ ቅርፂ ከሕዙ ዝኸኣሉ ከምኒ ሓይሊ ምክልኻልን ፓሊስን ዝኣመሰሉ ትካላት ኣለውዎ። እንበኣር እዚ ሓይሊ እዚ እዩ ሆብስ ዝተብሃለ ሊቅ ስነ ማሕበረሰብ ሌዋታን ብዝበሃል ኣብ መፅሓፈ እዮብ ብዝተገለፀ ገጂፍን ሓያልን እንስሳ ዝምስሎ። እዚ ገጂፍ እንስሳ ብኣግባብ እንተተቐይዱ ሓላዊን ዓንጋሊን ህዝቢ፣ ፋሉል እተተሰዲዱ ድማ ጨቋንን በላዒን ህዝቢ ይኸውን ይብለና። ካብ ዘመነ ንጉስ ዮሃንስ ንነዘ ዘለው ዓመታት እንተንርኢ ትግራይ ካብ ጨፍጫፍን ወራርን(ዘይተቐየደ ሌዋታን)መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝዓረፈት ነዚ መንግስቲ ብኣግባብ ክትቐይድ ኣብ ዝኸኣለትሉ ዘመነ ዮሃንስን ኢህወደ-ግን ጥራይ እዩ። ካብዚ ወፃኢ ኣብ ዝተርኣዩ ንጉሳዊ፣ ድስቡጣዊን ፌደራላዊን መንግስታት ኢትዮጵያ፥ ንትግራይ ካብ ምውጋእ ዓዲ ኣይወዓለትን።

እቲ ሌዋታን ካብ ኢድ ፈላሚ ብሄሩ ወጊኡ፣ ኣብ ኢድ ብሄራዊ መንነቶም ኣንፃር ህዝቢ ትግራይ ዘንቀሉን ደረጃ ብሄራዊ ዕብየቶም ዘይወድኡን ብሄራት ዝወደቐ ስርዓተ መንግስቲ ኢትዮጵያ ሓላዊ ህዝቢ ካብ ምኻን ወጊኡ በላዒ ህዝቢ ክኸውን ተገዲዱ እዩ። ኸም ተርእዮ ህዝቢ ትግራይ ብቓልሱን ደሙን ዝፈጠራ ፌደራላዊት ሪፐብሊክ ስዒቡ ዝተሃነፀ ሓይሊ ምክልኻል ኢትዮጵያ ኩሎም ፓለቲካዊን ወተሃደራውን ብልጫታት ትግራይ ተበሊፁ ዝተመስረተ እንትኾን፣ ብኸይዲ ዝተፈጠረ ስነ ቁጠባዊ ዕብየትን ውህሉል ወተሃደራዊ ፍልጠትን ተጋሩ ኣጣሚሩ ድማ ኣብ ኣፍሪካ ዝዕራሕ ዓብዪ ትካል ክኾን ከኣለ። እዚ ዝተፈጠረ ገዚፍ ሌዋታን ብሕገ መንግስቲ ስለ ዝተቐየደ ድማ ኣብ ግቡእ ስራሕቲ ሰላም ምኽባርን ሓለዋ ደሕንነትን ተዋፊሩ ፅቡቕ ስራሕቲ ይዓምም



Scanned with CamScanner

ነበረ። ነገር ዝመፀ እዚ ዝኢፍ ሓይሊ ኣብ ኢድ ፀላኢቲ ትግራይ ዝኣተወ መዓልቲ እዩ። ምስ ጥሕሰት ሕገ መንግስቲ ተተሓሒዙ ናብ ቀይዲ በተኸ ዝኾነ ጉዕዞ ዝኣተወ እዚ ሓይሊ ሙሉእ ንሙሉእ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ንምልዓል ሒደት እዋናት እየን ወሲደናሉ።

ካብ ብሄራዊ መንነቶም ብዝነቅል ባህጊ ኣንፃራ ምስ ዝለዓሉ ብሄራት ኣብ ሓደ ፌደሬሽን ከትሕቆፍ ኣቐዲማ ዝፈቐደት ትግራይ፤ ይትረፍዶ ነዚ ብናዕቢን ግዳማዊ ተፅዕኖን ዝመፀ ዘይሕጋዊ መንግስቲ፣ ብሰንኪ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዋ ኣንፃራዊ ውሑድ በዝሒ ህዝቢ ዋላ ብዲሞክራሲያዊ መገዲ ቀይዲ እዚ ዝኢፍ መሓውር ፀጥታ ዘለዋ መንግስቲ ንኸልኦት ብሄራት ኣሕሊፋ ከትህብ ትግደድ እያ። ነዚ ቀይዲ ሌዋታን ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ኣብ ኢዶም ዘእተው ብሄራዊ ባህጎም ኣንፃር ትግራይ ዘንቀሉ ብሄራት ኢትዮጵያ ድማ፤ ኣሸንኳይዶ ንትግራይ ከሕልይዋ ባዕሎም በላዕታ ኾይኖም ኣደዳ ኻልኦት ጨፍጨፍቲ እውን ገይረምዋ እዮም።

ኣብ ውሽጢ ፌደራላዊት ኢትዮጵያ ኾይና ቀይዲ መንግስታዊ ሓይሊ ንሓዋሩ ኣብ ኢድ ፀላኢታ እንተይወደቐ ንበሕታ ኸትቆፃፀሮ ዘይትኽእል ትግራይ ዕፃእ ካብዚ ሕዚ ዝበዕሓ ዘሎ ጨፍጫፍ ወፃኢ ክኸውን ኣይኽእልን። ኣሸባሽብ ቁሩብ እዋን እፎይታ ከትረክብ እተዘይኾይና፤ ትግራይ ንሓዋሩ ንበሕታ እትብሕቶ መንግስቲ ኣንፃር ፀላኢታ እንበር ኣንፃራ ዘይለዓል እትቕይዶ ሌዋታን ዝህልዋ ሃገር እንተኾይና ጥራሕ እዩ። ነዚ ድማ እዩ ናፅነት እንኮ መማረፂእ ዝኸውን።

ኣብ መግዛእ መሬታ ኣብ ልዕሊ ህዝባ እትምስርቶ ብሄራዊ መንግስቲ ንግዛእ ርእሱ ከጭፍጭፍ ኣይኽእልን። ፋሉል ዝኸደ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝበልዓ ሌዋታን ካብ ኮነ፤ ናይ ባዕላ ንሓዋሩ እትቕይዶ ሃገረ መንግስቲ እትፈጥረሉ ግዘ ሐዚ እዩ። ናፅነት ንትግራይ ኣብ መንነ ዘይብተኸ ዕንክሊል መከራን ኣብ መንነ ንሓዋሩ እተስተርሕየሉ ዕረፍትን ዘሎ ኣማራፂ እዩ። ራህዋን ዕረፍትን ድልየት ኩሉ ወድ ሰብ ከም ምዃኑ መጠን ትግራዋይ ዳግም ናብ ሓሳረ መከራ ዘይእትወሉ ናፅነት ይግበኦ። ነዚ ድማ እዩ ናፅነት እንኮ መማረፂኡ ምዃኑ።

## ናፅነት ንትግራይ ኣብ መንነ ዘይብተኽ ዕንክሊል መከራን ንሓዋሩ እተስተርሕየሉ ዕረፍትን ዘሎ ኣማራፂ እዩ።



Scanned with CamScanner

# ዓይነ ብርክና

**ብወደንከረ ባሩኺ**
(ካብ ሓራ መሬት ትግራይ)

ትግራይ ዓድና ዓይኒ ብሌና እያ። ትግራይ ዓድና ብርኪ ኣንጉዕ ኣሚንና እያ። ትግራይ ዓድና ተስታይ ብዕራይ ፀጋምና እያ። ትግራይ ዓድና ጊባቦና መኣድና እያ። ትግራይ ዓድና ማዕኸን ሸሻይና እያ። ትግራይ ዓድና ዓይነ ብርከና እያ። ምእንተዙይ ድማ ናይ ዝሓለፈ፣ ናይ ዘሎን ዝመፅእ ወለዶ ትግራዋይ እጃም ጥራሕ 'ምበር፣ ናይ ማንም ኣይኮነትን– ከትከውን እውን ኣይትኽእልን። ዘይሕሰብስ ከመይ ጌርካ ይሕሰብ?!!

እዚ ዘይፈለጡ ወይ ከፈልጡ ዘይደልዩ ናይዚ ዘመን እዚ መፃጉእ ግን፣ ትግራዋይ ያኢ ከምበርከኹስ ወሪሮምዋ። በበይኖም ደው እንትብሉ ነናይ ባዕሎም ሕልምን ፀሎትን ዘለዎም ፤ እንተኾነ – ንትግራይ ከወሩ ከብሉ ጥራሕ ከም ድርዕቶ ዝተለገቡ ሓይልታት ፤ ንትግራይ ወሪሮምዋ ኢልካ ብሓንቲ ቃል እንትዝረብ፣ ንሰማዒ ከቐልል ስለዝኽእል ብጣዕሚ እዩ ዘጉሂ። እምበር'ማ– ኣብ ወርሒ ሕዳር ብዳንሻ ዝኣተወ ጋዕ ገልጠምን ሰራዊትን፣ ብሽራሮ ዝኣተወ ሓፃዊንን ድሩዕን፣ ብዓዲኸልተ ንዓዲ ነብርኢድ ዝኣተወ ጠያይትን ኣራዊትን፣ ብዕዳጋ ባርያ ሆሆየ ዓድገላዕ ደብረማርያም ማይምነ ንጭላ ዝኣተወ ጫፉ ዘይርከብ ሳንጃን ጠበንጃን፣ ብራማ ዝኣተወ ህልቆ መሳፍርት ባርባራዊ ሰራዊት ሻዕቢያ፣ ብኣርሆ ዝኣተወ ጉግማንጉግ ፤ ብወጀራት ኣጎ ፀሓፍቲ ዝተንተተ ጋሻ ውሕጅ መዳፍዕ ኩምራ ሓፃዊን . . . ይትረፍ ትግራይ ፤ ሰማይ ጥሒሱ ዝወርድ መለኮታዊ ሓይልኳ ኣብ ቅድሚኡ ከፀንሕ እዩ ኢልካ ከሕሰብ ካብ ማንም ዘመዛዝን ፍጡር ትፅቢት ኣይነበረን። ኣብ ትግራይ ይትረፍ'ዶ ስጋ ዝለበሰ ፍጡር ግኡዝ እኳ ከትርፍ እዩ ኢልካ ዝሕሰብ ኣይነበረን።

እወ ናይዚ ወራር እዚ እዋን ምድላዋትን መጠን ስፍሓትን እንትምዘን፣ ኣሌከሳንደር ዘግሬት ኣብ ዘበን እኒ እኒ ንዓለም ንምቁፅፃር ፤ ሂትለር ድማ ኣብ መበል 20 ክፍለ ዘመን ኣውሮፖ ምሉእ ንምቁፅፃር ካብ ዝገበርዎ ምድላውን መጠነ ስፍሓት ወፍሮምን፣ እዚ 'ብፊት ኣውራሪነት' ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝተደገሰ ወፍሪ፣ ብሬሽዮ(ratio) ፈፂሙ ብዘይራኽበሉ መጠን ከምዝበልፅ መዛግብቲ ታሪኽ ዘንበቡ ኣይስሕትዎን። ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም፣ ኣብ ዩጎዝላቭያ ፤ ኣፍጋኒስታን፣ ኲየት፣ ዒራቕ፣ ደቡብ ሱዳን፣ ሶማልያ፣ ኮንጎ ከምኡውን ኣብ መንጎ ኢታ ናይ ቀደም ኢትዮጵያን ኤርትራን ... መዛግብቲ ታሪኽ ዓለምና ዘስፈርዎም መረርትን ሓያሎ ተዋሳእቲ ዘሳተፉን ኲናታት... ጠቃር በሰላ ገዲፎም ንኸሓልፉ ተኻይዶም እዮም። ኣብቶም ውግኣት ፤ ኩሎም ውጉዝ ከመእርዮስ ዝብሃሉ ጥሕስታት ሰብኣዊ መሰል ነይሮም። እዚ ኣብ ዝቐርፀነ ርእሲ ኢሳያስን ዓቀይቶተ ኣምሓራን ተጠኒሱ ዝተወልደ ወፍሪ'ዚ ግን ፤ ኑቶም ዝሓለፉ ጠቐራት ታሪኽ ብኹሉ መዐቀኒ ዘንዕቕ ጓሓፍ እዩ ኣብ ትግራይ ተራጊፉ።

ንትግራይ ዝወፈሩ ወረርቲ ፤ ዛጊድ ኣብ ታሪኽ ዓለም ዝተመዝገበ ባርባርያዊ ግፍዒ ደምሲሶም ሓዱሽ ሪኮርድ ከመዝግቡ ከም ጎመድያ ዝተኻዕዉ ተኣምረኛታት እዮም። ትግራይ ከም ግምቢ ሰናእር ድዋሕዋሕ ንኽትብል፣ ከም ጥንታዊት ከተማ ኤፌሶን ትሕቲ ምድሪ ከትቅበር ዝወፈሩ እዮም። እቶም ወረርቲ ፤ ህልውናና ዝቕፅል ብደምን ሻምበቆ ብረትን ጥራሕ እዩ ኢሎም ዝቐረፁ ሂትለራውያን እዮም። ንሶም ዛጊድ ኣብ መዝገበ ቃላት ዓለም ንዝሰፈሩ ተግባራት ኣረመኔ ሓደሽቲ ተርእዮታት ከውስኹ



Scanned with CamScanner

ዝተሃንደዱ ዕስለ እዮም። እዞም ወረርቲ ፤ ንሓያሎ ዓመታት ብሕሱም ቂም ኣብ ከብዶም ጓዳ ኣሕቢጦም ብዝነበሩ ከምኒ ባሜን ብርሃኑ ጁላን ዝኣመሰሉ ብቅልውላው ርእሰ ምትሓት ዝሳቐዩ ምናኻት ደርጊ ዝምርሑ እዮም። እቶም ወረርቲ ፤ "ግባ በለው" ካብ ምባል ሓሊፎም ብዛዕባ ኣብ እዋን ኲናት ከግበሩ ዘለዎም ኣተሓሕዛታት ቅንጣብ ወተሃደራዊ ፍልጠት ብዘይፈጠረሎም፤ ንወተሃደራቶም ብጅምላ ከጨፍጭፉ፤ ኣብ ትኾል ውግእ ንዚጋጠሞም ስዕረት ድማ ሰላማዊ ህዝቢ ብዘይንሕስያ ብምጭፍጫፍ ከሳርኦም ከከሓሕሱ ዝወፈሩ ነዳያን እዮም። ብሓቂ ኡ እዞም ወረርትና፤ ነታ ጨናዊት ስግኦም ኣብ ስልጣን ንኸፅንሑ፤ ህዝቦምን ህዝቢ.ግቶምን ኣብ መጋርዕ መጋርያ እቶን ብዓይኒ የብለይ ስኒ የብለይ ዓጋም ጠሓስ ብኣልማሚት ከጥቐ ታሪኻዊ ኣጋጣምታት ዕድል ዝፈጠረሎም እዮም።

ኣቱም ሰብ – ኢሳያስ ፈቲሑ ዝሰደደልና ኣራዊት እኮ፤ ይትረፍ ኣብ ማሕበራዊ መስተጋብር ዝተሓዋወሱ ከመስሉ፤ ከም ፍጡር ሰብ እኳ ንሰብ ዝውሃቡ ፀጋታት ፈጣሪ ዘይፈጠረሎም እንስሳ መሮር እዮም። ካብ ገለ ተፋሒሮም ዝወፁ፤ ንፍጡር ወዲ ኣዳም ጥራሕ ዘይኮነስ ንተፈጥሯዊ ባህርታት'ውን ከፅንቱ ዝጠጉ ደምን ስነእምሮን ዘይብሎም ፍጥረት እዮም። ጭካንኦም ብውሩያት ፀሓፍቲ ዓለም ኳ ተዘሪቡ ዝውዳእ ኣይኮነን።

ከገርመኩም እዞም ንመጋበርያ ስልጣን ኣብይ ገንሸል ዝቐረቡ ኣራዊት ኢሳያስ... ኣብ ቅድሚኦም ዝፀንሓ ከልተ እግሩ ሰብ ዝቐትሉ ፤ ኣርባዕተ ዝእግሩ እንስሳ ዝበልዑ፤ ገዛውቲ ዘቃፅሉ፤ ዳውላ፤ ጠይቀ መይቂን ጨርቂ ሽንትን ዝዘርፉ ጥራሕ ኣይኮኑን። ንሶም ኣብ ህድሞ ዝነበረ እኽሊ ባም ኣቢሎም ወሲዶም እንተብቅዑ... ትግራወይቲ ንቑፃላይ እኽሊ እንተረኺባ ከትጥሕን ትኽእል እያ ብምባል መጥሓንን ወዲ መዲድን ዝሰብሩ እዮም። ሻዕቢያ ትግራዋይ ከይሓርስ ኣብ ኣፍ ገበላ ዝሰቐለን መሳርዕ ኣውሪዶም ዝሰባብሩ ፍሉያት ፍጥረት እዮም። ሻዕቢያ፤ ኣብ ደምበ ምሉእ ዝፀንሖም ከፍትን ጤለበጊፅን ምንህ ምንህ ኣቢሎም ከብዶም ከንዲ ዝኽእለሎም በሊዖም እንተብቅዑ፤ ትግራዋይ ንቑፃሊ መፅዓኛ ከይህልዎ ዝረኸብወን ኣድገበቕሊ ብጥይት ወቒያምወን ይኸዱ። እኽልን ሓሰርን ንኤርትራ ፅዒኖም እንተብቅዑ ኣሸበሸበ ዝተረፈ እንተልዩ ምስ እንዳ ጠሓኒቱ ሓዊ ኣሳዊሮምዎ ዝኸዱ ባርባርያውያን ። ቀዋሚ ተኽሊ እንተረኺቦም ንቑፃላይ ከፍሪ እዮሞ ትግራዋይ ከበልዖ እዩ ኢሎም ብምሕሳብ ከም መፍለስ ካብ ሱሩ ምሕዮሞ እዮም ዝኸዱ። ሻዕቢያ መረባታት ዝተኣፅተ ሀዱም መዋህለሊ ዓይነምድሪ ገለ ተሓቢኡዎ ከከውን ይኽእል ብምባል ብማላኪኖ ፈንቂሎም ሃንዲሶሞ ዝኸዱ ገለ ዓይነት ፍጡራት እዮም።

ኣብ ታሪኻውያን መፃሕፍቲ ከምዘንበብናዮ፤ ቀደም ብዘበን ናዚ ጀርመን፤ ገለ ወተሃደራት " ነቲ ኣብ ቅድሜኹም ዝፀንሐ ሰብ ኣፅንቱ" ዝብል ላዕለዋይ ትእዛዝ ሽለል ኢሎም ንንሕስያ ሰብኣውነት እናተገዘኡ ሕድገትን ርህራህን ይገብሩ ነይሮም። ሰራዊት ኢሳያስን ኣብይን ግና ታሪኻዊ ኣስተምህሮ ይኹን ሰብኣዊ ርህራህታት ንኸፈልጡ ዘይተሰርሑ ዞምቢታት ጥራሕ ዘይኮኑስ፤ ንውሉድ ወለዶኦም ከፊሉ ዘይውድኦ ዕዳ የውርስዎ ከምዘለዉ ዘይርድኦም ገርናዋት እዮም።

እምበኣርከስ እዞም ካብ ሰብኣዊ ፀጋታት ኣሜህዮም ኣብ ህም ዝበለ ድቕድቕ ፀልማት ኣነነትን ኣረመኔነትን ዝተጠመቑ ባርባርያውያን እዮም ንኢትዮጵያን ኤርትራን ብሒቶም፤ "ኣነ እንተሞይተ ደንዴር ኣይትብቆላ" እናጨርሑ ኣብ ፀልማት ብመንገዲ ቁልቁለት ተመላጠፕ ዝንዩ ዘለዉ። እዚ ኩሉ ከኸውን ግና እዞም ዝተዘራረገ ፖለቲካዊ ህሞት ኣንካራርዩ ዘምፀኦም ናይ ታሪኽ መዳራጉሓት፤ ኣብ ሓደ ፈርማታ ታሪኽ ዓለም ፀሊም ምዕራፍ ኣፅሒፎም ከሓልፉ እንተዘይኮይኑ ፤ ንኢትዮጵያ ይኹን ንኤርትራ ከም ሃገር ከቕፅሉ ዝኽእሉ ኣይኮኑን። ሰብን ንብረትን ሃንኩቶም ከሓልፉ እንተዘይኮይኑ፤ ልቢ ህዝቦም ከሰኩኑ ወይ ንትግራይ ከረትዑን ከስግዱን ዝኽእሉ ከቶ ኣይኮኑን።

ኣብ መወዳእታ መንእሰይ ትግራይ ዋሕዚ መስርዕ ኣያታትካ ኣሕዋትካን መዘናኻን ከይዛሪ መስርዕ ሰራዊት ትግራይ ብምምላእ፤ ብዝኾነ ይኹን ሙያኻ ደው ኢልካ ንዓድኻ ሞያ ኹና። ኣብ ልዕሊ ትግራይን



Scanned with CamScanner

ትግራዋይን ዝፍፀም ዘሎ ነገር፤ ንአለታ ተሰሚዑ ዝሓልፍ ግደ ዜና ዘይኮነስ ግደ ታሪኽ እዩ። ትግራይ ንምክልኻልን ንምድሓንን ዝግበር ዘሎ ምርብራብ'ውን ግደ ዜና ዘይኮነስ ግደ ታሪኽ እዩ። ሕዚ እትግበር ሕማቕ ትኹን ፅቡቕ ኑብሲወከፍ ስጉምቲ ትግራዋይ፤ ተርእዮ ዘይኮነትስ፤ ትግርኛ ዝዛረብ ህዝቢ ከሳብ ዘሎ ክሳብ መጨረሻ ዓለም ኣብ ባሕሪ መዝገባ እትተሓዝ ትንግርቲ እያ። ኢያታትካን ኣብሻታትካን ፤ ሰማይ ዓወት ገባር ውሕጅ ኮይንካ እጃምካ ኣበርክት። ማቲዎስ 12: 25 ድማ ከምዚ በለ (Every kingdom divided against itself is laid to west, and no city or house divided against itself will stand) እዚ ማለት ኣብ ዝኾነ እዋን ሓድነትና ከም እምኒ ዓረ ክፀንዕ ኣለዎ ማለት እዩ። ንዳያስፖራ ተጋሩ መልእኽተይ ከየሕለፍኩ ክውድእ ነውሪ ስለዝኾነ ሓደ ነገር ጥራሕ ክብል። ዳያስፖራ ተጋሩ ሕዚውን ደጋጊመ

## መንእሰይ ትግራይ ኣብ ኢድካ ዝወደቐት ዋሕስ ህልውናኻ ዓድኻ ዓውድኻ ሕዚ ተውሓሳ። ኣሰር ጅግና ሓውካን ሓፍትኻን ስዒብካ ስረን ጋምባለን ዓጢቕካ ሓምባር ካላሽንካ ተሓንጊጥካ ብኣቀባብላ ጅግና ብዕልልታ ተፀምቢልካ እቶ። ኣብቲ ዘይተርፍ ዓወት ገባር ውሕጅ ኮይንካ እጃምካ ኣበርክት።

ዝሸፍና ነፈርትን ምድሪ ዝሸፍና ተሽከርከርትን ደርጊ፤ ትሕቲ ምድሪ ቀቢሮም ደው ዘበሉኻ ጀጋኑ እዮም። ሕዚ ስሪሖ ዝጎትት ኳና ዕንጉለን ሓፁር ታምቡኽን ኣብ ዓድኻ ከሽካዕልል ፤ ካብ መን ምስተወለድካ ኢኻ ተናሕስየሉ? ወዲ መን ስለዝኾንካ ኢኻ ኣብ ቅድሜኻ ኣባሓጎታትካን ሕንጠያት ኣሕዋትካን ብኾራርምቲ ሓርገፅ እንትብልው ስቕ ትብል?

መንእሰይ ትግራይ ኣብ ኢድካ ዝወደቐት ዋሕስ ህልውናኻ ዓድኻ ዓውድኻ ሕዚ ተውሓሳ። ኣሰር ጅግና ሓውካን ሓፍትኻን ስዒብካ ስረን ጋምባለን ዓጢቕካ ሓምባር ካላሽንካ ተሓንጊጥካ ብኣቀባብላ ጅግና ብዕልልታ ተፀምቢልካ እቶ። ኣብቲ ዘይተርፍ

" ሓደ ክንዲ ሽሕ ዝኾንኩም ተጋደልቲ ኢኹም። ዓለም ብዓለማ ብዛዕባ ትግራይ ክትዛረብ ዘናዓኹማ እኳ እንተኾነ ግን፤ ዝበልካ እንተበልካ ነቲ ኣብ ትግራይ ዝበፅሓ ግፍዒ ዝምጥን ነገር ስለዘይኸውን፤ ድቃስ እትብሃል ከይትወስደኩም ሕድሪ። ብወግና ኣተና ናይ ሻዕቢያ ዓጀውጀው ከይትህመሉ ሕድሪ። ኮነት ተረፈት ህልውናና ኣብ ብርከና እያ። ብርከና ድማ ኣሸንኳይዶ ንሕናስ ፀላእትናኳ ዝፈልጥዎ። ኣንጉዕ ፀላኢ ከየምከኸት፣ ሑቕ ትምከሕቲ ከየድነነት ተመሊሳ ዘይትፈልጥ ብርኪ ተጋሩ!

ብዓወት የራኽበና!



Scanned with CamScanner

# ንህዝብና እንታይ ንበሎ?

ሰላማት ኣሰናዳእቲ መፅሄት ረመፅ
ኣቐዲመ ሰላምታ እናቐረብኩ ነቲ ኣብ ትግራይ ዝግበር ዘሎ ህዝባዊ ቃልሲ ምልኡነት ሃልይዎ ንዓለም ከዘንቶ ትዓምዎ ዘለኹም ርብርብ የድንቕ። ኣበርቲዕኹም ክትቕፅሉ ድማ ተስፋ ኣለኒ። ኣካል እዚ ተስፋይ ድማ ዝነበረኒ ተሳትፎ ምንባብ ናብ ብርኪ ምብርካት ፅሑፍ ሓፍ ክብሎ ስለዝደለኹ ነዛ ጭሕጋር ሰዲደ ኣለኹ እሞ ክይኣስተሓፈርኩም ተቐበሉኒ።

ግርማይ ጊንዳፅ እየ ወዲ ዓዲ ማንቲለ

ንህዝብና እንታይ ንበሎ?

ኣብዚ ትግራይ ገጢምዋ ዘሎ ሃዋህው እቲ ከቢድ ነገር ኣብ ግንባራት ዝግበር ዘሎ ውግእ ኣይኾነን። ኣንበብቲ ብካሊእ ክይትወስዱለይ ነገር ውግእ ዘይፈልጦ ጉዳይ ኮይኑ ክቃልሎ ኣይኮንኩን፤ ዝገደደ ከቢድ ነገር ክርእየኩም ብሂገ እምበሪ። እቲ ህዝቢ ዘርእዮን ዝገብሮን ዘሎ መካታይነትን ተሪር ግንዊትን ካብ ዘይምፍላጥ፣ ነዚ ብድሆ ንምሕላፍ ዝፍይድ ህዝባዊ ልምዲ ክንእሰና እዩ ኢልካ ካብ ምጥርጣር፣ ወይድማ ብወገን ትግራይ ዝነበረ ጭቡጥ ፖሎቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ወታሃደራዊን ዓቕሚ ካብ ዘይምርዳእ ኣይኮነን። ወይከዓ ወረርቲ ሓይልታት ዝገብርዎን ዘይገብርዎን ፈሊኻ ዘይምፍላጥ ኣይመስለኒን። ወራሪ እሞ ድማ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ እንታይ ክገብር ይኽእል ዝብል ብዙሕ ሰብ ክግምት ዝኽእለሉ ዕድል ሰፊሕ እዩ። ኣንበብቲ ዝሓትዎ ሕቶ ይረኣየኒ ኣሎ። እቲ ከቢድ ነገር ወይ ሕቶ ደኣ እንታይ እዩ ? ዝብል ከምዝኸውን ርዱእ እዩ።

እቲ ከቢድ ነገር እቲ ነገር ከመይ ኢልና ንበሎ? ዝብል እዩ። እቲ ፍፃመ ከመይ ኢልና ነዘንትዎ? ከመይ ነዕልሎ? ከመይ ንፃወቶ ዝብል እዩ? ገለ ገለ ሰባት ከም ዓያሪ ክወስዱኒ ይኽእሉ። «ዘርከበ» ኢሎም ከም ዝሓምዩኒ ወይከዓ ከም ዝፀርፉኒ እውን ኣይስሕቶን። ምቕንጫርኩም ኢለ እየ ሉቕ ዝብሎም። ሐዚ እውን ምቕንጫርኩም!

ኣብቲ ርእሲ ከም ዝተገለፀ ዋና ርእሲ ፅሑፈይ ንህዝብና እንታይ ንበሎ? እዩ ዝብል። ህዝቢ ማለት ናይ ሰባት እኩብ፣ መፈለምታ እምበር መወዳእታ ዘይብሉ፣ ንዘበናት ዝዘልቕ፣ ዝትንስእ ዝወድቕ፣ ሓበራዊ ስቃይን ሓጎስን ዘለዎ እዩ። ትግራይ ከም ህዝቢ ብውሑዱ በቶም ልዕል ኢሎም ዘለው ናይ ጉዕዞ ምዕራፋትን ብርኪታት መሳልልን ዝሓለፈ እዩ። ትግራይ ዓዲ እውን ህዝቢ እውን እዩ። ባህሊ እውን ኸይዲ ህዝባዊ ጉዕዞ እውን!

ህልው ኩነታት ትግራይ ብምልኣት ዝገልፀልና ገላፂ ቃል ህልውናኡ ኣብ ሕቶ? ዝኣተወ ዝብል ይኸውን። ብመንን ብኸመይን ናብዚ ሕቶ ኣቲና ዝብል ንሐዚ ነፅነሓዮ። ዕድመ እንተሃልዩ፤ ዘመን ፀልማት ተቓንጢጡ ዘበን ብርሃን ቃደድ እንትብል ... ቀስ ኢልና ነርከበሉ ንኸውን። ኢንሻላህ!። ሓደ ቅቡል / for granted/ ሓቂ ግን ኣሎ። ሕቶ ህልውና ዘለዎ ህዝቢ ብዛዕባ ፖሎቲካዊ፣ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ካልኦትን ትሕቲ ህልውናን ዘለው ዛዕባታት ቀዳምነት ክሰርዕ ኣይኽእልን። ንዚ እዩ ኣብ ትግራይ ህልውና ንምጥፋእን ንምድሓን ዝግበር ናይ ሓይልታት ውግእ ዘሎ። እዚ ውግእ ብተሳተፍቲ ሓይልታት ብዝሓት፣ ብዘለዎ መጠን ወተሃደራዊ ቴክኖሎጂን በዝሒን፣ ብዝተሓንገጠ ፖለቲካዊ ዕላማ፣ ብመሰረት ዓለም ለኸ ሕጊን ውዕላትን ውግእ፣ ብታሪኻዊ ድሕረ ባይታ እንተሪኢናዮ ተወዳዳሪነት ዘይብሉ፣ ሓዱሽን ኣዝዩ ፍሉይን መሪርን እዩ። ዝተፈጠረ ዘይምምጥጣንን ምዝባዕን ሓይሊ ብመሪርን ምዑትን ባህሪ ህዝቢ ትግራይ ንእዋርሕ ዝዘለቐ እዩ።

ህዝቢ ትግራይ ዝተፈላላየ ናይ ቃልሲ ግንባር



Scanned with CamScanner

ብምሕራይ ብሓደ ወገን ኮይኑ፤ ህልውንኡ ንምውሓስ ከም ሓደ ፖለቲካዊ ኣካልነት ተሰሊፉ። ባህጊ ዘለዎ ህዝቢ ምዃኑ ዘይቕበሉ ናይ ውሽጥን ግዳምን ወረርቲ ድማ ህልውንኡ ንምጥፋእ ኩለመዳያዊ ኩናት ከፊቶምሉ። ኣብ ከሳድ ንከሳድ ምርግራግ ድማ ይርከቡ ። ነፍሲ ወከፍ ገዛውቲ፣ ስድራ፣ ገጠራትን ከተማታትን ትግራይ ዘካለለ እዚ ኩናት ከም ዕላማ ወሲድዎ ዘሎ ቁም ነገር እቲ ትግራይ ዝብል ቁውም ነገር ካብ ገፀ ምድሪ ናይ ምሕኻኽ እዩ። ነዚ እዩ ድማ እቲ ዘለናዮ ናይ ህልውና ሕቶ እዩ እንብሎ ዘለና። ሓደ

**ነፍሲ ወከፍ ገዛውቲ፣ ስድራ፣ ገጠራትን ከተማታትን ትግራይ ዘካለለ እዚ ኩናት ከም ዕላማ ወሲድዎ ዘሎ ቁም ነገር እቲ ትግራይ ዝብል ቁውም ነገር ካብ ገፀ ምድሪ ምሕኻኽ እዩ። ነዚ እዩ ድማ እቲ ዘለናዮ ናይ ሀልውና ሕቶ እዩ እንብሎ ዘለና።**

ምሽጢር ግን ክፀውየኩም። መጋጥምትና ብድሌቶም ግልፂን ናፃን ኮይኖም እናሃለው ብኣከያይዳ ግን በሃማት እዮም፤ ኩልሻዕ በሃማት! እዚ ነገሮም ብግዘ ዘይልወጥ፤ ዝደጋግምዎ እዩ።

እቲ ዘለናዮ ሕቶ ህልውና እዩ ካብ በልና ብወገን ትግራይ ዘሎ ህልውና ናይ ምርግጋፅ ቃልሲ ድማ መፈፀሚኡ ብረታዊ ቃልሲ ይኹን እምበር እቲ ዋና ደፋኢ ሓይሉ / ድራይቪንግ ፎርስ/ ግን ፖለቲካዊ ዕላማ እዩ። ህይወት ህዝቢ ናብ ራህዋ ይኹን ናብ ሕሰረት ናይ ምልዋጥ ዓቕሙ ገዚፍ እዩ፤ ፖለቲካ። ጌጋ ይኽለኣለይ እምበር ብሕታዊ እውን ይመስለኒ። ህልውና ህዝቢ ብዋናነት ከም ኣካል ምንባርን ዘይምንባርን ጥራሕ ዘይኮነስ፥ ፋሕውን ፋፍታ ዝዓሰሎ ናብራ ህዝቢ ከይነብር ናይ ምግባር ፖለቲካዊ ዕላማ ዝሓዘ ኮይኑ እንተኣጋጢምዎ እቲ ሐዚ ኣብ ትግራይ ኮይኑ ዘሎ ይኸውን።

ሓደ ንህዝብና ንብሎ ነገር እዚ ልዕል ኢሎ ዘሎ እዩ። ባህሪን ተሳተፍቲን እቲ ግጥም። ንሱ ጥራሕ ግን ኣይኮነን።

ካልኦት ተወሳኺቲ እውን ከህልው ኣለዎም። ፖለቲከኛታትን ናይ ፖለቲካ ሰባትን ዝብሉና ብሓደ እንዳእቲ ሒዝና፤ ሕድሕድና ኣብ ዝተፈላለዩ ሜዳ ማሕበራዊ መስተጋብራት ንኣብነት ኣብ ሶፋ ኮፍ ኢልና ኣብ ከቢ ጠረጴዛ ወይከዓ ኣብ ደንደስ መንደድ ኮይንና ሓዊ እናሰሓንና ንደቅና እንብሎም እንታይ ይኹን ዝብል እዩ እቲ ዋና ሕቶይ? መልሲ ምሃብ ዋና መበገሲየይ ኣይኮነን። ምኽንያቱ እቶ ሕቶ መልሱ እልፍ ወእላፍ እዩ። እቲ ዋና መበገሲ እንብሎ ነገር ከነዋህልል ምትሕስሳብ ማእኸሉ ዝገበረ ምይይጥ ምዕዳም እዩ።

እቲ ኩነታትን ቀፃሊ ከይዲን፣ ዝተገበረን ዘይተገበረን፣ ንቡርን ዘይንቡርን፣ ዝተፀበናዮን ዘይተፀበናዮን ወዘተ… ንህዝብና እንታይ ንበሎ? ሓደ ንቑዕ ናይ ኮምኒኬሽን ምሁርን በዓል ሞያን ከምዝበለኒ . . . "ፖለቲካ ማለት ንህዝብኻ፣ ንታሪኽ ወይከዓ ንዓለም፣ ደገፍቲ ይኹኑ ተፃባእቲ ኣካላት ዝግበር ዝርርብ ወይከዓ ኮምኒኬሽን እዩ"። ንሱ ወዲ ሰብ «ኣዳም » ተባሂሉ ካብ ዝፍጠር ጀሚሩ ዘሎ ዝነብሮ ዘሎ ኩሉ ንጥፈት ናትና ሞያ እዩ፤ ኮምኒኬሽን ድማ ይብሃል ይብለኒ። እቲ ዝዓበየ ቁምነገር ደቂ ሰባት ድማ እዚ ሃፍቲ ምፍላጥን ምትንታንን እዩ በሃሊ ሕድግለነ ዘይፈልጥ ናይ ሞይኡ ጠበቓ እዩ። ሕድግለነ ከም ፅቡቕ እሴት ኣብ ዝውሰደሉ ትግራይ ንሱ ድማ ብኮምኒኬሽን ውጉዝ እዩ በሃሊ እዩ። ብግዘ ንውሓት ብሓሳቡ ከም ዝኣምን ውሽጣይ ሕሹኽ ይብለኒ ኣሎ ተበልከኹምሲ ትኣምኑኒ ዶ?

ንኣብነት ናይ ፅባሕ ህዝቢ ትግራይ ዝኾኑ ናይ ሎሚ ደቅና እንብሎም፣ ንታሪኽ፣ ንዓለም፣ ንዘደንገፁልና ይኹን ንዝጨከኑልና ኩሎም ከንብሎም ዘለና ዝብሎ መሳሲ ወግዒ ከኾነልኩም ምእንቲ እንሆ ከጅምረልኩም። … ከተማታት ፈሪሰን፣ መንእሰያት

ተረሺኖም፣ ዓዲ ውዒላት ብግፍዒ ተሓሪዶም፣ መጥሓን ተፋሒፉ፣ ከዳን እንኮላይ ብላይን ልጋብን መሸፈኒን ምስ ረሳሕ ካልሲን ሙታንቲን ተወሲዱ፣ ጀሪካንን ብራኺን ተፃዒኑ፣ ኣዋርቅን ድርባድርን ተጋፉ ተዘሚቱ፣ ሽፈንን ዋስየን እውን ተማሊኦምዎ። መብራህቲ፣ ማይን ስልኪን፣ ሕክምናን ትምህርቲን፣ ቤትፍርዲን ፖሊስ ጣብያን ተዓፅዮም፤ በሪሶም ተሰሪቑም። ሰብ ስገምእናሃለዎኣጥሒኑ ከይቕጭቅጭ፣ ሕንሻሮ ከይሕንሽር ሞት ተፈሪድዎ። ዓው ኢልካ ዘይብከ ነገር። ዝኣኸሎም ወሲዶም ዝተረፈ ድማ ኣይትበልዖን ይብሉኻ። በሊዕካ ንእሽተይ ቀኒኻ መሊሶም ዝዘርፍዎ ከይተፅንሓሎም ወይከዓ ሸውሃት መርሸንቶም ከየርውዩሲ፣ ምዕሻዮም። በይዛታትዋ።

ሰበይቲ ኣብ ቅድሚ ሰብኣያ፣ ደቃ፣ ኣሕዋታን ኣቦኣን ይደፍሩ። ድፈርዋ ይብሉ፣ ደፊሮም ባእዳን ነገር ናብ ኣካላታ የእትዉ። ናተይ ትብሎም ይቐትሉ። ብልዕቲ ወዲ ተባዕታይ ድማ ይሰልቡ። ቅዱሳት ኣካላት ወዲሰብ ብሓዊ ይትኩሱ፤ የርስኑ። ብጉጅለ ምድፋር፣ ካህናትን መነኮሳትን ምቕታል፣ ምግሳስ፣ ምስላብ፣ ኣሳቑኻ ምቕታል፣ ብኣራዊት ንክትብላዕ ምግባር፣ ናብ ውሕጅ ምድርባይ፣ ናይ ረድኤት እኽሊ ከይበፅሕ መንገዲ ምኽልኻል፣ ብሓዊ ምቅፃል፣ ምዝራፍ፣ ኣሕሊፍካ ንውልቀ ረብሓኻ ምሻጥ፣ ህዝቢ ኣብ ጠላዕ ፀሓይ ብምልላው ተስፋ ዘይብሉ ከኸውን ምግባር፣ ስነኣእምራዊ ውግእ ከፊትካ ንዘበናት ከቕስል ምግባር፣ መሬቱ ምምንጣል፣ ኣብዕሩ ምሕራድ፣ ዓውዱ ምድፋር፣ ናዕሪ እኽሊን ኩልሳስ ሓሰርን ድርቋን ምብራዕ፣ ቀዋሚ ተኽሊ ምቑራፅን ምቡርቋቕን፣ ናይ ልምዓት ካናል ሕርሻ ብታንኪን ብከቢድ መሳርሒን ምፍራስ፣ እንኮላይ ህዝቢ ኣኪብካ ብግዲ ኣፍርሶ ኢልካ ኣገዲድካ ምፍራስ። ከተማታትን ገጠራትን ዓይኒ የብለይ ስኒ የብለይ ምድብዳብ፣ ኀቦታት ምድብዳብ፣ ብዓለም እጉዳት መሳርሒታት ኮናት ብጭካነ ምጥቃም፣ ዝረሸንዎ ከትቀብር ዘይምፍቃድ፣ ዓንዖ ዓንዖ መተንፈሲ ሜዳዊ ስዕረቶም ዝኾነ ኩለመዳያዊ ግፍዒ ምፍፃም . . .

ዝተረፈ ድማ ከምቲ ዝበልክኹም እንተቑኒና ከቕፅለልኩም እየ። ሻነ ቀንዩታ!

## ዘበን . . . ካብ ገፅ 23 ዝቐፀለ

ቖም ልቖም ጋለሆም ሃም ሓማሳይ፣
ብጉሓት ኮከቦም ከም ሓራሳይ፣
ገይርዋቶም ከደ በድንይዋ ሬሳይ፣
ጥይትኻ'ውን ብከንቱ የፈሰሳይ፣
ጠበንጃኻ'ውን ብከንቱ የተወርሳይ፣
እተን ትግራይ በይነን የላቐሳይ፣
እተን ወሎ እተን ሸዋ፣
ኣስነቓ'ምበ ሰብእይ የመለሳይ፣
መንከ ለይነፀየት ገፃይ ርእሳይ..."

ተባሂሉ ገድሊ ጅግንነት፣ዋጋ ኣጉል ድፍረትን በሰላ ከሕደትን ዝተፀወየ እውን ሽው ነበረ።

ሸዋ ዝበልዐቶም ፣ምእንተ ሸዋ መባእ ዝኾኑ በይዛንቶም መለከዒ ኽብሪ ፣ንወለዶ እውን መምህሪ ዝኾነ ሚእቲ ዓመት ንድሕሪት ተመሊስና እንዝከሮም ደቂ ትግራይ ትግርኚ እናልዐለት ኣብ ዘበንና ዝተደግመ ትንቢት እተርኢ ሓንቲ መልቅስ ከምርቐልኩም።

"መንገሻ ዮሃንስ ምስከደ'ኮ ኢሎም ኣይንሰድድን፣
ኣባ ከበድ ገብረስላሴ ምስከደ'ኮ ኢሎም ኣይንሰድድን፣
ኣባ ዝናብ ኣብርሃ ምስከደ'ውን ኢሎም ኣይንሰድድን፣
ኣባ ይላቅ ካሳ ምስከደ'ውን ኢሎም ኣይንሰድድን፣
ኣንታ እዞም ሸዋስ ንሕና ንፈትዎም እምበር ንሳቶም ኣይግድን፣
ከንዲ ዝኾንናዮም ዋልታን ዕርድን፣
ከንዲ ዝሃብናዮም ሉልን ዘውድን፣
ፈደዩና'ኳ ስሌንን ገመድን።"

ሎሚ ድሕሪ 100 ዓመት ኸሞ እንታይ ኢና ንርኢ ዘለና? ብዛዕባ እዚ ንለባም ምውጋዕ ንቑባሪ ከም ምርዳእ እዩ ከኸውን።

ሓንቲ ርግፀኛ ዝኾነላ ነገር ግን ድሕሪ ሐዚ ነዘን በሰላታት ከንደግም እንጉዓዞ ኻሊእ ሚእቲ ዓመት የለን። እዚእ ንምግባር ኢና ሸኻል ሒዝና እንቃለስ!!



Scanned with CamScanner

# ዘበን፤

# ቅድሚ ክፍለ ዘበን!

ከነኣን ማ.

ትማሊን ቅድሚ ትማሊን፣ ዓሚን ቅድሚ ዓሚን ጥራሕ ከይኾነሲ ሚእቲን ቅድሚ ሚእቲን ዓመት ከመይ ነበረ። ሽኻል ርትዒ ትግራዋይ ኣብ ኣየናይ ዓርሞ ተሰንቂሩ ተረኺበ። ቅድሚ ክፍለ ዘበን እንታይ ይመስል ነበረ ዘበንና? ቃል ብሕጭ ኢሎምን ቃታ ስሒቦምን ኣብ መሬት ዘየንጥቡ ወለድና ብስነ ቃል ዝኸተብዎ ዛንታ እነሆ። ገለ ዘለታታት እናመዘዝና ናብ ቅድሚ ሚእቲ ዓመት ብምልሰት ከንዘልል።

ካብ ኢድ ሃፀይ ቴዎድሮስ ኣብ መቕደላ ዝሞለቐት በትረ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኢድ ሃፀይ ተከለ ጊዮርጊስ ወዲቓ። ተከለ ጊዮርጊስ ኣብ ፅባሕ ንግስንኦም ንደጃት በዝብዝ ካሳ (ደሓር ሃፀይ ዮሃንስ) ወጊኦም ከገብሩ ተገልገሉ። ሰራዊተይ ሽሾ እዩ ክብሉ ለቕታ ጣፍ ፅዒኖም ናብ በዝብዝ ካሳ ልኢኾም። ውዓላ'ም ከምዚ ቖልየ ከምልሶምየ ምስ ዝብል መልእኽቲ ዝተቐለወ ለቕታ ጣፍ ኣብ ኢድ ሃፀይ ተከለ ጊዮርጊስ በፅሐ። ሓፍቲ ሃፀይ ዮሃንስ ዝኾና ወይዘሮ(እተጌ) ድንቅነሽ ሰበይቲ ሃፀይ ተከለ ጊዮርጊስ ኣለዋ ሽዑ። ገና ወንበር ንግስነኦም ከየሞቐ ኣፍንጨኦም ምንፋሕ ዝጀመሩ ስብኣየን ኣይፈተዋሎምን። ኣመል ሓወን ኣፀቢቐን ዝፈልጣ እተጌ መሬት ዘይትነጥብ ትንቢት ፀውየን፤ እነሆ ድማ።

"ናይታ ሽዋ ገፊሕ'ዩ መንገዱ ፤
ናይቲ ጎጃም ገፊሕ'ዩ መንገዱ፣
ናይቲ ጎንደር ገፊሕ'ዩ መንገዱ፣
ናይቲ ወሎ'ውን ገፊሕ'ዩ መንገዱ፣
ንትግራይ ገፅኩም ግን ከይትኸዱ፣
ኣይከም ኩሉን ፀቢብ'ዩ መንገዱ፣
ማእኸል ዓድዋ እንድሕር ዓሪዱ፣
ብእሳተ ጎመራ ከይትነዱ፣
ኣባ በዝብዝ ካሳ ቆራፅ'ዩ ኸብዱ።"

ኢለን መዲረን(መ/ር ገብረ ኪዳን ደስታ፣ የትግራይ ህዝብና የትምክህተኞች ሴራ ከትናንት እስከ ዛሬ፣ገፅ 13 )።

ኣብታ ህሞት እቲኣ ሓወን ኣባ በዝብዝ ካሳ ነቶም ብፈኸራ ምድሪ ዘደንቆሩ ንጉስ ወጊኦም ከቐዝዙ ተምቢን "ዛል ቃባ" ኣብ ዝበሃል ቦታ ዓሪዶም ኣለው። ልቦም ዝነገሮም ካብ ምፍፃም ዘይምለሱ ኣባ በዝብዝ ሕሹኽታ ህዝቢ እውን ዕሸሽ ዘይብላ ኣእዛኖም ነዚኣ ሰሚዐን፡-

"እንታይ ወሰደካ ንዘል ቃባ፤
ዓድዋ'ንዶ ኒህካን እንካ ሃባ"

ኢሉ strategy (መዋፅኦ) ኩናት ተምበየ ህዝቢ። ነዚኣ ኣየኳተቱን፣ ፈረሶም ንዓድዋ መለሱ ደጃት ካሳ። 12 ሽሕ ሰራዊት ኣኸቲሎም ነቲ ብለቕታ ጣፍ ዝተመሰለ 60 ሽሕ ሰራዊት ሃፀይ ተከለ ጊዮርጊስ ኣብ ግምባራት ዓድዋ ቐልዮም ኣትረፍዎ።እሞኸ! ትንቢት ወይዘሮ ድንቅነሽ ተፈፀመ። ሰብ ቅኔ እቲ ዘበን ድማ ድሕሪ ሽንፈት ሃፀይ ተከለ ጊዮርጊስ ነዚኣ ተቐንዮም።

"ላባ በዝብዝ ካሳ ግብር ተሎ እንዲደርስ፣
ጥሬ ጤፉን ቢልክ ተከለጊዮርጊስ፣
ስልቻው ተፈቶ ትግራይ ላይ ቢፈስ፣
ኣባ በዝብዝ ካሳ ቆላው እንደ ገብስ..."
(ተክለፃድቅ መኩሪየ፣ ከእፄ ቴዎድሮስ እስከ እፄ ሃይለ ስላሴ ገፅ 51)

እነሆተ ድማ ወግዒ ኣብዚ። ንኹሉ ኣገቢሮም ኣብ



Scanned with CamScanner

ኣከሱም ፅዮን ንጉሰ ነገስትነት ብዕሊ ተቐቢኦም። በዝብዝ ስም ንግስንኦም ድማ ንጉሰ ነገስት ሃፀይ ዮሃንስ ራብዓይ። ራእሲ ኣሉላ ድማ ኣለው ርእሲ ኹሎም ጀጋኑ ኾይኖም ደጎልን ሓፁርን ዓዲ ይሕልው። ጥልያን ብሰሜን ገፅ እግራ ምስዳድ ጀሚራ'ላ። ኣብ ደጉዓ ሰሓጢ ንእሽቶይ መሬት ሃቡና ንዝብል ኣዋዘ ተንኮል ዝተለኸየ ልማኖ ጣልያን "ኣነ ገዛኢ ሮማ እንተኾይነ ጥራሕ ኢኹም መሬት ሰሓጢ እትረግፁ" ዝብል መልሲ ራእሲ ኣሉላ እውን ፀሓፊ ታሪኽ ሃጋይ ኤርሊክ ንወለዶ ኺቲብዎ'ሎ። ህዝቢ ትግራይ ትግርኚ ድማ፡-

ኣሉላ ኣባ ነጋ ውረድ ናፍቲ ባፅዕ፣
ሰብ ከርኢ ኣይደልን ኣብ ባሕሪ ዝሕባእ፣
ኣብቲ ቖላ ባፅዕ ፃህያይ ቦቒሉ'ሎ፣
ወሪድኻ ንቐሎ ብኣግኡ እንተሎ"

## ክንዲ ዝኾንናዮም ዋልታን ዕርድን፣
## ክንዲ ዝዛብናዮም ኲልን ዘውድን፣
## ፈደዩና'ኧ ስሌንን ገመድን

ኢሉ ደበና ፖለቲካ ዓዱ ሰማይ እናጠመተ ኣፋፍኖት ሃበ። ፀሓይ ቖላታት ምፅዋዕ ኣንጣዕጢዕዎ ንደጉዓታት ሰሓጢን ደጉዓሊን ዝወፈረ ሰራዊት ጣልያን ብጥይት ሰናዲር ኣሉላ ደእ ተቖለየ እምበር ኣይቐለሎን።

ኣብቲ ሸው እዋን እኒ ምኒሊክ ሃገር ጅሆ ኣትሒዞም ንዙፋን ይዋገዑ ነበሩ። ዙርያ መለሽ ዝኸበቦም ጎባጢ ከምኪቱ ዘይደቀሱ ሃፀይ ዮሃንስ ኣብ መተማ እንትስውኡ፡-

"ዮሃንስ ከለዓል ሓዊ ፈቱ፣
ኣባ ነጋ እንትዕጠቕ ጥይቱ፣
ቁዕሬታ ዘይብሉ ሰራዊቱ፣
ብዘይካ ፊት ደጅን ዘይኣቱ፣
ኣብቲ ምስሪ ግብሪ ከተእቱ፣
ኣብ ሸዋ'ውን ግብሪ ከተእቱ፣
ከም ሰለሞን ብዙሕ ዝብልሓቱ፣
ብኣፍኪ ተደፍኢ ዓለም ከንቱ፣
ብሩኽ ንጉስ ኣብ መተማ ሞይቱ፣
ንመተማ ዝሃበላ እንገቱ"

ዝብል ውዳሰ ጅግንነት ንጉስን ራእስን ኣብ ብራና ዝኽሪ ተፃሕፈ።

20 ከፍለ ዘበን ምስ በሓተ ከሳድ ዓድን ንጉስን ሸይጦም ጓዕማም ሃገር ሒዞም ዝተረፉ ሃፀይ ምኒሊክ ኣፍ ሞት ተታሒዞም። ከምዚእ ኢሎም እውን ግን ንትግራይ ኣይደቀሱን። ቖልዕም ትግራዋይ ኣዳኺምካን ሓፁር ደጎል ሰሜን ኣሳዊርካን ዙፋን ንግስና (እራት ኪሎ) ምሟቕ ባህጊ ምኒሊክ እዩ።

ኣብታ ሸዓ እዋን "ንህዝቢ ትግራይ ኣይንኣምኖን ተፀዋዕነቱ ንወሎ ይኹን" ኢሎም መኳንንቲ ሸዋ ውሳነ ኣሕለፉ። ቖራፂ ግብሪ ትግራይ ድማ ሹም ዋግ ዝነበሩ ደጃት ኣባተ ኾኑ። ራእሲ ስብሓት ምእንተ ርፍራፍ ስልጣን ሸዋ ከይተርፎም ምስ ደጃት ኣባተ እንትስለፉ ወርዒ መለሽ ንደቡብን ንምዕራብን ትግራይ የመሓድሩ ዝነበሩ ደጃት ኣብርሃን ደጃት ጉብረስላሰን ሹመት ደጃት ኣባተ ብዕሊ ነፂጎም ኣብ ኮረም ገጠምዎም።

"ኣባ ዝናብ ከንፀውየሉ ኽሳይ፣
ከልተ ሓሸከር ሒዙ ተባኣሳይ፣
መቐለ ዝፀወያስ የመለሳይ፣
ቀላዕ ረዳ ከንዝከሮም ኽሳይ፣
ቀዳድ ድንኳን ከደልዩ ሃራሳይ፣
ዝናብዶኸ ይሕመ ብጓሳሳይ፣
መደብ ድኻ ለይሰርሐ የህርሳይ፣
ጣይታ ድኻ ለይጋገረ የቖርሳይ፣
ኮረም እንትኸውን ኲራይ ተኹሳይ፣

ናብ ገፅ 21 ይቕፅል...




Scanned with CamScanner




Scanned with CamScanner